ሕግታት ውሕስነትና ይዕቅቡልና
ውሕስነትኩም ክንሕልወልኩም ፍቓዱልና

ካልኣይ ሕታም
2026

# መምርሒ ሕጊ ስኮትላንድ

ምስ HND Legal Services Students of New College Lanarkshire (ናይ HND ኣገልግሎታት ሕጊ ተምሃሮ ኒው ኮሌጅ ላናርክሸር)፣ Fearless (Crimestoppers)፣ Scottish Refugee Council (ካውንስል ስደተኛታት ስኮትላንድ)፣ መንግስቲ ስኮትላንድን Police Scotland [ሊስ ስኮትላንድን]**ብምትሕብባር ዝተዳየደ ፕሮጀክት።**

## ምስጋና

ብዘይ ካብዞም ዝስዕቡ ወገናት ዝተረኸበ ኣበርክቶን ደገፍን ሕትመት እዛ ንኡሽቶ መጽሓፍ ኣይምተኻእለን ነይሩ።

New College Lanarkshire

Scottish Government [መንግስቲ ስኮትላንድ]

Service Police Scotland [ኣገልግሎት ፖሊስ ስኮትላንድ]

Scottish Refugee Council [ውስንል ስደተኛታት ስኮትላንድ]

Fearless [ካል ናይ Crimestoppers]

**ፍሉይ ምስጋና ን፤**

ክቡር ጎይታ ሙልሆላንድ C.B.E.፣ K.C.፣ ሴናተር ኮሌጅ ሕጊ።

ተምሃሮ HND Legal Services [HND ኣገልግሎታት ሕጊ]፤

- ሳማንታ ማክኬይግ
- ተማራ ሳንቼዝ ፌርናንዴዝ
- ማክሲሚላን ማክኮርሚክ

**ናብ ሃገርና እንኳዕ ደሓን መጻእኩም እናበልና ኣብ ስኮትላንድ ንዝህልወኩም ሓድሽ ህይወት ከኣ ኩሉ ዝበለጸ ንምነየልኩም**

## *መቕድም*

"ኣነ ሓላፊ ሕጊ ኣብ ዝነበርኩሉ እዋን ምስ ተምሃሮ ሕጊ New College Lanarkshire [ኒው ኮሌጅ ላናርክሸር] ሰሪሐ እየ። ካብቶም ዝሰራሕናዮም ፕሮጀክታት ሓደ ንረብሓ ዑቕባ ዝሓትቱ ሰባትን ስድተኛታትን ናብ ብዙሕ ቋንቋ ክትትርጎም እትኽእል ብቀሊል ኣገላልጻ እተቐርብ ንኡሽቶ መጽሓፍ እያ። እዚ ተበግሶ 'ዚ ብScottish Refugee Council [ካውንስል ስደተኛታት ስኮትላንድ]፣ Police (ፖሊስ)፣ Crown Office and Procurator Fiscal Service [ቤት ጽሕፈት ዓቃቢ ሕጊን ፊስካል ኣገልግሎትን] ከምኡ'ውን ብመንግስቲ ስኮትላንድ ዝተደገፈ እዩ። እዚ ዓቢ ኣገዳስነት ዘለዎ ተበግሶ ምኺኑ ቀዳመይቲ ሚኒስተር ኣብ ግላስጎው ኣብ ዝርከብ ኣብ ሃምፕደን ፓርክ (Hampden Park) ኣብ ዝተኻየደ ኮንፈረንስ ኣብ ዘስመዓቶ መደረ ብምውካሳ ተንጸባሪቑ እዩ።

ነታ ቀዳማይ ሕታም ዘዳለዉ ተምሃሮ ንምንባብን ንምርዳእን ቀላል ዝኾነት ከምኡ'ውን ብሕጊ ብርግጽ ልክዕ ዝኾነት ኣዝያ ብልጽቲ ንኡሽቶ መጽሓፍ ንምድላው ኣዝዮም ከም ዝጸዓሩ እፈልጥ። እዚ ኣዝዩ ዝተናእደን በቶም ስደተኛታት ባዕሎም ኣብ ጥቕሚ ዝወዓለን እዩ ነይሩ። እቶም መምህራን ኤሊኖርን ኪራንን ምስቶም ተምሃሮ ሕጊ ብምኳን ነታ ንኡሽቶ መጽሓፍ ንምድላው ምሉእ ልቦምን ዓቕሞምን ኣፍሲሶም እዮም። ክልቲኦም ካብዚ ዓለም ብሞት ተፈልዮም እዮም፣ ብርቱዕ ናፍቖት ድማ ይስመዓና።

ብርግጽ ሕጊ እናተቐየረ እዩ ዝኸይድ፣ ወትሩ እናተሓደሰን እናተወሰኾን ይኸይድ፣ ስለዚ እዩ ኸኣ ካልኣይ ሕታም ናይዛ ንኡሽቶ መጽሓፍ ኣዝዩ ኣድላዪ ዝኾነ። እታ ብተምሃሮ ሕጊ ዝተዳለወት ናይ ቀረባ እዋን ንኡሽቶ መጽሓፍ ነቲ ሕጊ እዋናዊ ትገብር ከምኡ'ውን ነቶም ኣብ ቀዳማይ ሕታም ዝነበሩ ኣርእስቲ ተስፍሕን። ነቶም ውጹዓት ኣብ ህይወቶም ሓገዝ ዘድልዮም ሰባት ኣዝዩ ኣብ ዘድልዮም እዋን ሓገዝ ንምሃብ ብዘገበርዎ ስራሕ እኹርዕ።

እዛ ንኡሽቶ መጽሓፍ ነቲ ኤሊኖርን ኪራንን ክልቲኦም ቀዳመይቲ ሕታም ንኡሽቶ መጽሓፍ ንምድላው ንዝገበርዎ ፈላማይ ስራሕ መዘከርታ እያ። ኣብ ጥቕሚ ክትውዕል እድግፍን እምዕድን።

**ክቡር ጎይታ ሙልሆላንድ C.B.E.፣ K.C.፣ ሴናተር ኮሌጅ ሕጊ**

# ትሕዝቶ

**ስድራቤት ... 7**
ሓዳርን ሲቪላዊ ምሕዝነትን ... 7
ፍትሕ ... 7
ሓላፍነታት ወላዲ ... 8
ዘቤታዊ ዓመጽ ... 9
ምህዳን ... 10
ጥንስን ምንጻል ጥንስን ... 10
ክብሪ መሰረት ዝገበረ ዓመጽ ... 11
ምግራዝ ብልዕቲ ጓል ኣንስተይቲ (FGM) ... 11

**ኣባይቲ ... 12**
ምክራይ ... 12
ምውጻእ ... 12
ደገፍ ከባቢያዊ በዓል መዚ ... 13
ኣእምሮኣዊ ጥዕና ... 15
ልደት፣ ሞት፣ መርዓ ... 15

**ሕጊ ኣብ መንበሪ ገዛ ... 16**
ኣልኮል ... 16
ምትካኽን ቬፕ ምጥቃምን ... 16
ወረቐት ፍቓድ ቲቪ ... 16

**ገንዘብ ምልቃሕ ... 18**

**ሕጊ ኣብ ጐደና ... 19**
ጸረ ማሕበረሰብ ዝኾነ ባህሪ ወይ ተግባር ... 19
ህዝባዊ ትእዛዝ - ሰላም ምሕላው ... 19
ጐሓፍ ምድርባይ - ጐደናታት ጽሬተን ዝሓለዋ ምግባር ... 19
ነውሪ ኣብ ህዝባዊ ቦታ ... 19
ደው ምባልን ምፍታሽን ... 19

መንገዲታት ምጥቃም ........ 20

**ናይ ምዝዋር ሕግታት ........ 21**

መን ክዝውር ይኽእል? ........ 21

ናትኩም መዘወሪ ወረቐት ፍቓድ ........ 21

ወረቓቕቲ ተሽከርካሪ ........ 22

**ሕግታት ውሕስነት ኣብ ጽርግያ ........ 23**

ሕጊ መስተን-ምዝዋርን ........ 24

**ገበናት ትራፊክ ጽርግያ ኣብ ስኮትላንድ ........ 26**

**ኤለክትሪክ ብሽክለታን ኤለክትሪክ ስኩተርን ........ 27**

**ሕጊ ኣብ ስራሕ ........ 29**

መሰላትኩም ........ 29

ምስጓግ ........ 29

ጥዕናን ውሕስነትን ........ 30

ማዕርነትን ኣድልዎን ........ 30

ውዕሊታት ስራሕ ........ 30

**ግዳያት ገበን ........ 31**

ከም ሓደ ግዳይ ዘለኩም መሰላት ........ 31

**ነፍጢ ........ 33**

**ዕድመ ገበናዊ ሓላፍነት ኣብ ስኮትላንድ ........ 34**

**ጾታዊ ገበናት ........ 35**

ጾታዊ ዓመጽ ........ 35

ጾታዊ መጥቃዕቲ ........ 35

ጾታዊ ኣስገዳድ ........ 35

ኣንጻር ህጻናት ዝፍጸም ገበናት ........ 35

ስእሊ መሰረት ዝገበረ ጾታዊ ዓመጽ ........ 35

ወሲባዊ ተግባር ብዓይኒ ምቁዳስ ከምኡ'ውን ዘይእሩም ርክባት ........ 35

ጾታዊ ዝምታ ........ 35

**ናይ ጽልኢ ገበን ........ 40**

መድሓኒታት/ዕጾት ........ 42

ሕጽቦ ገንዘብ........ 42

ሳይበራዊ ገበን ........ 43

**ምስ እንስሳት ዝተኣሳሰሩ ሕግታት ........ 44**

**ሓለፍቲ ሕጊ ........ 46**

ሓላፊ ፖሊስ ........ 46

ሓላፊ ኢሚግሬሽን ........ 47

**ሕጂ ሓገዝ የድልየኩም? ........ 48**

# ስድራቤት

## ሓዳርን ሲቪላዊ ምሕዝነትን

ዕድሚኡ ካብ 16 ዓመት ንላዕሊ ዝኾነ ዝኾነ ይኹን ሰብ ሓዳር ክገብር ወይ ሲቪላዊ ምሕዝነት ክምስርት ይኽእል። እዚ ንተጻራሪ ጾታን ተመሳሳሊ ጾታን መጻምድቲ የካትት።

ኣብ ሓደ እዋን ምስ ካብ ሓደ ሰብ ንላዕሊ ምምርዓው ዘይሕጋዊ እዩ።

ግዱድ መርዓ ምድላው ዘይሕጋዊ እዩ፣ ሰባት ኣብ ስኮትላንድ ሓዳር ዝምስርቱ ብናጻ ፍቓዶም፣ ምስ ዝመረጽዎ ሰብ እዩ፣ ከምኡ'ውን ኩሎም ሓዳራት (መርዓታት) ክምዝገቡ ኣለዎም፣ እዚ ንኩሎም ሃይማኖታዊ መርዓታት ይሓውስ።

ግዱድ መርዓ ምስ ብስድራ ዝመጽአ መርዓ ከደናግር የብሉን። ኣብ ብስድራ ዝመጽአ መርዓ፡ ስድራቤታት ነቲ መጻምድቲ መርዓ ወይ ሓዳር ኣብ ምምራጽ ዝለዓለ ግደ ዋላ እንተሃለወን እቲ መርዓ ወይ ሓዳር ግን ብፍቓድ ክልቲኦም መጻምድቲ እዩ ዝካየድ።

ኣብ ግዱድ መርዓ ካብ ክልቲኦም መጻምድቲ ሓዲኦም ወይ ክልቲኦም በቲ ሓዳር ኣይሰማምዑን፣ ወይ ከኣ እቲ ስምምዕ ብጸቕጢ ዝመጽአ እዩ። ዕድመ ረቛሒ ክኸውን ይኽእል እዩ፣ ከምኡ'ውን ሓደ ሓደ ግዱድ መርዓታት ከኣ ቆልዑት ወይ ኣናእሽቱ መንእሰያት ከካትቱ ይኽእሉ።

## ፍትሕ

ሓዳር ክህልወኩም እንተዘይደሊኹም ብመሰረት ሓደ ሓደ ኩነታት ፍትሕ ክትገብሩ ትኽእሉ ኢኹም። እዞም ኩነታት ዝሙት፣ ዘይርትዓዊ ባህሪ ወይ ንገለ እዋን ዝኣክል ተፈሊኹም ትነብሩ እንተነይርኩም የጠቓልል።

ቆልዑ እንተሃልዮምኹም ንክልቲኦም ወለዲ ዝኸውን ኣገባብ ርክብ ቅድሚ ፍትሕ ስምምዕ ክግበረሉ ኣለዎ። ኣብዚ ጉዳያት 'ዚ ሓገዝ ደገፍ ንምርካብ ምኽሪ ሕጊ ሕተቱ።

**ሓላፍነታት ወላዲ**

ብመሰረት ሕጊ ስኮትላንድ መሰላት ህጻናት ዝተሓለዉ እዮም። እዚኦም ንህጻናት ጥዕንኦም ዝሕልዉ፣ ሕጉሳትን ውሑሳትን ዝገብሩ ኩሎም ነገራት ኮይኖም ክሳብ 18 ዓመቶም ንዝርከቡ ኩሎም ህጻናት ይምልከቱ። መሰላት ህጻናት ኣብ ውዕሊ መሰላት ህጻናት ሕቡራት ሃገራት (United Nations Convention on the Rights of the Child) (UNCRC) ይርከብ። ከም መጠን ሓደ ወላዲ መሰላቶም ክተኽብርሎም ኣለኩም፣ ከምኡ'ውን ንናይቲ ህጻን ጥዕና፣ ውሕስነትን ትምህርትን ሓላፍነት ክትወስዱ ኣለኩም። ሓደ ህጻን ስቓይ ወይ መጉዳእቲ ከብጽሕ ንዝኽእል ገለ እዋን ዝኣክል በይኑ ክግደፍ ወይ ብዘይ ዝከታተል ሰብ ክግደፍ የብሉን፣ ኩሎም ህጻናት ነናይ ባዕሎም መንገዲ ዕብየት ስለዘለዎም እዚ ዝኾነ ኪጋጥም ዝኽእል ህጹጽ ኩነት ንምእላይ ኣብ ዘለዎም ዓቕሚ ዕብየት ዝተመርኰሰ እዩ። ኣዝዮም ኣናእሽቱ ህጻናት ኣብ ዝኾነ እዋን በይኖም ክግደፉ የብሎምን።

መጥቃዕቲ ብዝምልከት ኣብ ስኮትላንድ ህጻናት ምስ ዓበይቲ ወይ በጽሒታት ተመሳሳሊ መሰላት ኣለዎም - እዚ ማለት ኣብ ስኮትላንድ ዋላ ምልክት ወይ መጉዳእቲ ኣየስዕብ ንውላድካ ምህራም ዘይሕጋዊ እዩ። እዚ ምጉሳጥ፣ ምቕላዕ ወይ ዝኾነ ካልእ ዓይነት ኣካላዊ መጥቃዕቲ ከምኡ'ውን ራዕዲ ወይ ፍርሒ ንምፍጣር ነገራት ወይ መሳርያ ምጥቃም፣ ወይ ከምኡ ንምግባር ምፍርራሕ የጠቓልል። ንቆልዓ ምህራም ኣካላዊን ኣእምሮኣዊን ጉድኣት የስዕብ፣ ከምኡ'ውን ንግዜኡ ይኹን ንዳሕራይ ኣብ ህይወቶም ክጸልዎም እዩ።

ከም መጠን ሓደ ወላዲ እንተስ ነቲ ቆልዓ ናብ ቤት ትምህርቲ ብምስዳድ ወይ ብካልእ ኣገባብ (ኣብነት ኣብ ገዛ ብምምሃር) ውላድኩም ክመሃር ናይ ምግባር ሓላፍነት ኣለኩም። ውላድኩም ናብ ቤት ትምህርቲ ምስ ኣመዝገብክምዎ እንትርፎ ውላድኩም ካብ ትምህርቲ ክተውጽእዎ ካብ በዓል መዚ ትምህርቲ ፍቓድ ኣብ ዝረኸብክምሉ እቲ ቆልዓ ትምህርቲ ክከታተል ኣለዎ። ሓደ ቆልዓ ብዘይ ርትዓዊ ምኽንያት እንተበኺሩ ወለዲ ንክሲ ሓዊሱ ሕጋዊ ስጉምቲ ክበጽሖም ይኽእል እዩ።

ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብዚ ይርከብ፤

[ኣብ ቤት ትምህርቲ ምርካብ፤ መምርሒ ንወለዲ - gov.scot]

## ዘቤታዊ ዓመጽ

ዘቤታዊ ዓመጽ ሓደ ሰብ፡ ማለት'ውን መጻምድቲ ወይ ቅድሚ ሕጂ ናይ ካልእ ሰብ መጻምድቲ ዝነበረ ሰብ ኣካላዊ፣ ኣእምሮኣዊ፣ ጾታዊ ወይ ስምዒታዊ መጕዳእቲ እንተውርድ እዩ። እዚ ንመጻምድቲ ተመሳሳሊ ጾታ ወይ ተጻራሪ ጾታ ክኸውን ይኽእል እዩ፣ ከምኡ'ውን እዚ ወዲ-ን-ጓል ወይ ጓል-ን-ወዲ ክኸውን ይኽእል እዩ፣ እዚ ንኪጋጥም ኣብ ሓደ ገዛ ክነብሩ ግድን ኣይኮነን።

ዘቤታዊ ዓመጽ እዞም ዝስዕቡ ከጠቓልል ይኽእል፤

- ምፍርራሕ እንተጋጥመኩም
- ጸርፊ
- እትገብርዎ ነገር፣ እትኸድዎ ቦትን ንመን ትዛረቡን ቁጽጽር ምግባር
- ፋይናንሳዊ ዓመጽ
- ንውላድኩም ወይ ናይ ገዛ እንስሳትኩም ምፍርራሕ
- ንኣዕርኽትኹምን ስድራቤትኩምን ከትሪኡ ፍቓድ ምስኣን
- ብዝሙት ንዓኹም ምኽሳስ
- ጾታዊ ዝንባለኹም ከቃልዕ እየ ዝብል ምፍርራሕ
- ጥቡቕ ስእልታትኩም ንስድራቤትኩም፣ ኣዕርኽትኹም ወይ መሳርሕትኹም ምክፋል - ወይ ከካፍል እየ ዝብል ምፍርራሕ
- ማህረምቲ፣ ብእግሪ፣ ብኢድ ምህራም ወይ መጽፋዕቲ እንትወርደኩም ወይ ከኣ ነገራት ወይ መሳርያ ኣብ ልዕሌኹም እንትድርበ
- ጾታዊ ዓመጽ፣ ጾታዊ ንጥፈታት ንምግባር ምግዳድ

ፖሊስ ኩሎም ሓበሬታታት ዘቤታዊ ዓመጽ ብከቢድ መጠን ይሕዞም። ሕጊ ዘቤታዊ ዓመጽ (ስኮትላንድ) 2018 (Domestic Abuse (Scotland) Act 2018) ውሕስነትን ጽቡቕ ህላወን ናይቲ ግዳይን ስድራቤቱን ንምሕላው ዝወጸ እዩ። ሓደ ሰብ መጽምድቱ ብዝኾነ መንገዲ ክቆጻጸር ኣይፍቀደሉን፣ ስምዒታዊ፣ ኣካላዊ፣ ጾታዊ ወይ ፋይናንሳዊ ይኹን ብዘየገድስ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ገዛ ምእሳር የጠቓልል። ኩሉ ኣብ ስኮትላንድ ዝነብር ሰብ ናጻ ፍቓድ ኣለዎ፣ ሓደ ሰብ ነዚ ናጻ ፍቓድ ክቆጻጸር እንተተረኺቡ ከም ገበን ይውሰድ። ኩሎም ሰባት ጾታኦም ወይ ጾታዊ ዝንባለኦም ብዘይገድስ ናይ ባዕሎም ገንዘብ ናይ ምርካብ ከምኡ'ውን ብሰላምን ካብ ፍርሒ ናጻ ኮይኖም ናይ ምንባርን መሰል ኣለዎም። እዚ ሕጊ ንኩሎም ጾታታትን ጾታዊ መንነታትን ይከላኸል ከምኡ'ውን ንማሕበረሰብ LGBTQI+ የጠቓልል።

ዘቤታዊ ዓመጽ ክፍጽም ዝተረኽበ ሰብ ኣብ ቀይዲ ሕጊ ክኣትውን ኣብ ቤት ፍርዲ ክኽሰስን ይኽእል። ከበድቲ ጉዳያት፡ ፍርዲ ማእሰርቲ ከስዕቡ ይኽእሉ።

## ምህዳን

ናብ ሓደ ግዳይ ክልተ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ዝኾኑ ተግባራት ኮይኖም ፍርሒን ስንባደን ዘስዕቡ፣ ንምስዓብ ዝዓለሙ፣ ወይ ድማ እቲ ፈጻሚ ተግባር ፍርሒን ስንባደን ንምስዓብ ግዲ ዘየብሉ ኮይኑ ክርከብ ክሎ እዩ።

ባህሪታት ምህዳን ነዞም ዝስዕቡ የጠቓልሉ፤

- ንሓደ ሰብ ምክትታል
- ብዝኾነ ይኹን መንገዲ ንሓደ ሰብ ምርካብ ወይ ክትረኽቦ ምፍታን
- ብዛዕባ ሓደ ሰብ ብዘይ ፍቓዱ ሓበሬታ ምዝርጋሕ
- ናይ ሓደ ሰብ ቴለፎን፣ ኢንተርነት፣ ኢመይል ወይ ካልእ ኣገባብ ርክብ ምቁጽጻር
- ኣብ ህዝባዊ ወይ ውልቃዊ ቦታ ምዝንባይ
- ኣብ ንብረት ሓደ ሰብ ጣልቃ ምእታው
- ንሓደ ሰብ ዘይደልዮም ህያባት ወይ መልእኽቲታት ምሕዳግ
- ንሓደ ሰብ ምክትታል ወይ ምስላል

ትህደኑ ዘለኹም ወይ ክኣ ዓመጽ ይወርደኩም ዘሎ ኮይኑ እንተተሰሚዕኩም በጃኹም ን Police Scotland (ፖሊስ ስኮትላንድ) ሓብሩ። እዚ ኣብ ከባቢኹም ኣብ ዝርከብ መደበር ፖሊስ፣ ናብ 101 ብምድዋል፣ ብኦንላየን ብምሕባር ወይ ክኣ ህጹጽ ኩነት እንተኾይኑ ናብ 999 ብምድዋል ክትገብርዎ ትኽእሉ። ኣብ ውሽጢ ስኮትላንድ ዘጋጠመ ናይ ምህዳን ፍጻመ ንምሕባር ነቲ ኦንላየን ቅጥዒ ምህዳን (Stalking Form) ክትጥቀሙ ትኽእሉ ኢኹም። መላግቦ ኦንላየን ቅጥዒ፤ www.scotland.police.uk/secureforms/c3

## ጥንስን ምንጻል ጥንስን

ብዛዕባ ጥንሲ ዝያዳ ዝርዝር ሓበሬታ ኣብ www.readysteadybaby.org.uk ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም ወይ ክኣ ን NHS ብ 111 ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም ወይ ክኣ ኣብቲ ኣብ ከባቢኹም ዝርከብ ሓኪም ምስ ተመዘገብኩም ነቲ ቤት ጽሕፈት ክትረኽቡ ወይ ክተዘራርቡ ትኽእሉ ኢኹም።

ኣብ ስኮትላንድ ምንጻል ጥንሲ ሕጋዊ እዩ፣ ናይ ምምራጽ መሰል ናይቲ ሰብ እዩ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ናይ ገዛእ ርእሶም ሰብነትን ናጻ ፍቓዶምን መሰላት ኣለዎም። ብስምምዕ 2 ዝተፈላለዩ ሓካይም ክሳብ መበል 24 ሰሙን ጥንሲ ምቁራጽ ሕጋዊ እዩ። ምቁራጽ ጥንሲ ኣብ ሆስፒታላት ወይ ኣብ ዝተፈቐደለን ማእከላት ብመሰረት ክንክን NHS ክካየድ ኣለዎ።

ካብ ሓደ ዝተፈቐደሉ ወይ ዝተመዝገበ ሓኪም ምምኽኻር ከይረኸብኩም ኣብዛ ሃገር ጥንሲ ምቁራጽ ኣይከኣልን። NHS ብምሽጥራውነት ይግዝኡ፣ ስለዚ ብዛዕባ ምርጫታትኩም ዝኾነ ሰብ ኣይክፈልጥን እዩ።

## ክብሪ መሰረት ዝገበረ ዓመጽ

ክብሪ መሰረት ዝገበረ ዓመጽ፡ ክብሪ ስድራቤት/ከምኡ'ውን ወይ ከኣ ማሕበረሰብ ተገይሩ ዘተረኣየ ንምሕላው ዝተፈጸመ ወይ ተፈጺሙ ክኸውን ዝኽእል ገበን ወይ ፍጻመ ዝገልጽ ቃል እዩ። 'ናይ ክብሪ ገበናት' ዝፍጽሙ ሰባት ከምዚ ዝገብሩ እቲ ግዳይ ነቲ ስድራቤት ወይ ማሕበረሰብ ውርደት ኣምጺኡ ኢሎም ስለዝኣምኑ እዩ። ፖሊስ ንነፍሰ ወከፍ ጸብጻብ ናይ ከምዚ ዓይነት ገበን ብኣዝዩ ከቢድ ኣገባብ ክርእዮ እዩ፣ ከምኡ'ውን ኣዝዩ ደቂቕ መርመራ ክካይድ እዩ። ዝኾነ ተግባር ዓመጽ በዚ መሰረት ክተሓዝ እዩ፣ ክሲ እውን ክጋጥሞ ይኽእል።

## ምግራዝ ብልዕቲ ጓል ኣንስተይቲ (FGM)

ምግራዝ ብልዕቲ ጓል ኣንስተይቲ ኣብ ጾታዊ ኣካላት ጓል ኣንስተይቲ ለውጢ ወይ መጉዳእቲ ዘስዕብ ብዘይ ሕክምናዊ ምኽንያታት ዝካየድ መስርሓት ይገልጽ። እዚ ኣዝዩ መቑንዘዊ ኮይኑ እቲ መስርሕ ምስተዛዘመን ብድሕሪኡ ኣብ ህይወትን ኣብ ክልቲኡ ናብ ከቢድ ጉዳያት ጥዕና ከስዕብ ይኽእል። እዚ ኣብ ዩኬ ዘይሕጋዊ እዩ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ወጻኢ ክካየድ መደብ ምግባር እውን ዘይሕጋዊ እዩ።

ጓል ኣንስተይቲ እንተኾይንኪን ቅድሚ ናብ ስኮትላንድ ምእታውኪ እዚ መስርሕ እንተጋጢሙኪን ከምኡ'ውን ቃንዛን ጸገማትን የስዕበልኪ እንተሎ በጃኺ ንሓኪምኪ ኣማኽሪ፡ ኣብኡ ደገፍ ብዘይ ፍርዲ ክወሃበኪ እዩ።

# ኣባይቲ

## ምክራይ

ገዛ ባዕልኹም ምእላሽ ክትመርጹ ትኽእሉ ኢኹም፣ ኣብኡ ክራይ ክትከፍሉ ኢኹም። መንበሪ ገዛ ምስ ረኸብኩምን ክራይ ምኽፋል ምስ ጀመርኩምን፡ 'ተኻራያይ' ተባሂልኩም ክትጽውዑ ኢኹም ከምኡ'ውን እቲ እትካረይሉ ዘለኹም ሰብ/ማሕበር 'ኣካራዪ' ይበሃል። ምስ'ዚ ብዙሓት መሰላት ተኻረይቲ ይመጽኡ። ቀዳማይ ንኣካራዪኹም ዲፖዚት ወይ ትሕጃ ምኽፋል ኣዝዩ ልሙድ ነገር እዩ። እዚ ክሳብ እቲ ክራይ ዝውዳእ ዝኾነ ወጻኢታት ናይ ጉድኣት/ጽገና ንምሽፋን ዝቐመጥ ድምር ገንዘብ እዩ። ዲፖዚትኩም ወይ ትሕጃኹም ኣብ Tenancy Deposit Scheme (ኣገባብ ዲፖዚት ክራይ) ብኣካራዪኹም ክቐመጥ ኣለዎ፣ እዚ ትሕጃኹም ካብ ዳግማይ ዝኽፈል ይሕልዎ። ኣካራዪኹም ትሕጃኹም ብዝምልከት እዚ ዝስዕብ ዝርዝር ሓበሬታ ክህበኩም ኣለዎ፤

- ኣድራሻ ናይቲ ዝካረ ገዛ
- ክንደይ ዲፖዚት ከም ዝተኸፈለን መዓዝ ከም እትረኽብዎን
- ናብቲ ኣገባብ ዝኸፈልክምሉ ዕለት
- ሽም ናይቲ ኣገባብን ዝርዝር ሓበሬታ ርክብን
- ከም ሓደ ኣካራዪ ከም ዝተመዝገብኩም፣ ወይ ንምምዝጋብ ከምዘመልከትኩም
- ኣብ መወዳእታ እቲ ክራይ ገለ ወይ ኩሉ እቲ ዲፖዚት ክትዕቅቡ ክትደልዩ እንከለኹም

ክራይኩም እንተወዲእኩም ኣካራዪኹም ገለ ካብቲ ዲፖዚት ክሕዞ እንተወጢኑ ክሕብረኩም ኣለዎ። በዚ እንተዘይተሰማሚዕኩም ምስ ኣካራይኹም ተደራደሩ፣ እዚ እንተዘይተዓዊቱ እቲ ኣካራይኹም ዲፖዚት ዘቐመጠሉ ኣገባብ ብዝምልከት መጕት ክተልዕሉ ትኽእል ኢኹም።

## ምውጻእ

ኣካራይኹም ብዘይ ዋላ ሓደ ምኽንያት ከውጽኣኩም ኣይክእልን። ምውጻእ ንምጅማር ኣካራይኹም ነዞም ዝስዕቡ ክገብር ኣለዎ፤

### ነዞም ዝስዕቡ ዝሓዘ ናይ ምልቃቕ ምልክታ ክህበኩም ኣለዎ፤

- ካብቲ ገዛ ክተወጽኡ ከምዘለኩም
- ክትለቅቁ እትሕተትሉ ዘለኹም ምኽንያት - 'ናይ ምውጻእ ምኽንያት' ይበሃል
- ንክትወጽኡ ዘኽእለኩም ክንደይ ዝኣክል ግዜ ይህብኹም ኣለዉ - 'ናይ ምልክታ ግዜ' ይበሃል

### ናይ ምልክታ ግዜ ንዓኹም ምሃብ

እቲ ክወሃበኩም ዘለዎ ናይ ምልክታ ግዜ ኣብቲ ናይ ምውጻእ ምኽንያት ከምኡ'ውን ኣብቲ ገዛ ዝነበርክምሉ መጠን ግዜን ይምርኮስ። ካብ ክልቲኡ ሓዲኡ ክኸውን እዩ፤

- 28 መዓልቲታት (4 ሰሙናት)

- 84 መዓልቲታት (12 ሰሙናት)

**ኣካራይኹም ካብዞም ዝስዕቡ ምኽንያታት ሓደ ከጥቀም ኣለዎ፤**

1. ኣካራይኹም ነቲ ገዛ ክሸጦ ይውጥን
2. እቲ ገዛ በቲ ኣለቃሒ ልቓሕ ገዛ ክሸየጥ እዩ
3. ኣካራይኹም ነቲ ገዛ ከሐድሶ ይውጥን
4. ኣካራይኹም ኣብቲ ገዛ ክነብር ይውጥን
5. ናይ ኣካራይኹም ኣባል ስድራቤት ኣብቲ ገዛ ክነብር ይውጥን
6. ኣካራይኹም ነቲ ገዛ ካብ ነባርነት ወጻኢ ንዝኾነ ዕላማታት ክጥቅመሉ ይውጥን
7. እቲ ገዛ ንሃይማኖታዊ ምኽንያታት ይድለ
8. ናይ ኣካራይኹም ሰራሕተኛ ክትኮኑ ኣይከኣልኩምን ወይ ምዃን ኣቋሪጽኩም
9. ዝተደገፈ መንበሪ ካብ ደጊም ኣየድልየኩምን
10. ነቲ ገዛ ካብ ደጊም ኣይከትነብረሉን ኢኻ
11. ውዕሊ ናይ ክራይ ስምምዕኹም ጥሒስኩም ኣለኹም
12. ንተኸታተልቲ 3 ኣዋርሕ ዘይተኸፈለ ዕዳታት ክራይ ኣለኩም
13. ተዛማዲ ገበናዊ ፍርዲ ኣለኩም
14. ኣብ ተዛማዲ ጸረ ማሕበረሰብ ዝኾነ ተግባር ተሳቲፍኩም
15. ተዛማዲ ገበናዊ ፍርዲ ምስ ዘለዎ ሰብ ወይ ከኣ ኣብ ተዛማዲ ጸረ ማሕበረሰብ ተግባር ዝተሳተፈ ሰብ ምትሕብባር ገይርኩም
16. ኣካራይኹም ምዝገብኡ ነጺጉ ወይ ኣልዒሉ ኣሎ
17. ናይ ኣካራይኹም ምስክር ወረቐት HMO ተላዒሉ ወይ ምሕዳስ ተነጺጉ ኣሎ
18. ንኣካራይኹም ብዛዕባ ካብ መጠን ንላዕሊ ሰባት ምስፋር ዝምልከት ሕጋዊ ምልክታ ተዋሂቡዎ ኣሎ

እዚ ምኽንያት ኣብዞም ኣብዚ ዝስዕብ መላግቦ ዝርከቡ ሓደ ሓደ ኩነታት ጥራሕ መሰረት ብምግባር ኣብ ጥቕሚ ከም ዝውዕል ኣገዳሲ እዩ፤

https://www.mygov.scot/tenant-eviction/private-residentialtenancy

## ደገፍ ከባቢያዊ በዓል መዚ

መንበሪ ገዛ ኣብ ምድላይ ትጽገሙ እንተለኹም ነፍሲ ወከፍ ከባቢያዊ በዓል መዚ ክሕግዘኩም ይኽእል እዩ። ፈለማ ነቲ ቅኑዕ በዓል መዚ ትረኽቡ ወይ ተዘራርቡ ከም ዘለኹም ርግጸኛ ክትኮኑ ኣለኩም። እቲ 'በዓል መዚ' እቲ ናይ ከባቢኹም ካውንስል እዩ። ንኣብነት፡ ኣብ ኤድንበርግ እንተኾይንኩም ናይ ከባቢኹም በዓል መዚ 'ካውንስል ከተማ ኤድንበርግ' ይኸውን።

'leave to remain' (ናይ ምጽናሕ መሰል) እንተተዋሂብኩም ህዝባዊ ፈንድታት (ገንዘባዊ ሓገዛት) ክትረኽቡ ኢኹም። እዚ እዞም ዝስዕቡ ምግባር የኽእለኩም፤

- ክትነብሩ ዘኽእለኩም ገንዘብ እንተዘየብልኩም ኩሎም ሓገዛት ንምርካብ ንክተመልከቱ

- እትነብርሉ ቦታ እንተዘየብልኩም ደገፍ ቤት ኣልቦ ንምርካብ ንከተመልከቱ

ኣብ ከባቢኹም ናብ ዝርከብ ካውስል ብምኻድ ወይ ንዕኦም ብኦንላየን ኣገባብ፣ ወይ ብቴለፎን ብምርካብ መመልከቲ ቤት ኣልቦ ክተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ ህጹጽ ኩነት ደገፍ ቤት ኣልቦ ዘድልየኩም እንተኾይንኩም ካብ ካውስል ክርከብ ዝኽእል ሓገዝ ቤት ኣልቦ ኣብ ህጹጽ ኩነት ዝብል ኣብ ገጽ ናይ Shelter Scotland (መዕቆቢ ስኮትላንድ) ክተረጋግጹ ትኽእሉ ኢኹም። ናይ ቤት ኣልቦ መመልከቲኹም ምስ ኣቕረብኩም እቲ ካውንስል እንታይ ሓገዝ ከም ዝህብኹም ንምውሳን ንኩነትኩም ክግምግም እዩ። ናይ ቤት ኣልቦ መመልከቲኹም በቲ ናይ ከባቢኹም ካውንስል ክግምገም ናይ ምግባር ከምይ'ውን ዝተጸሓፈ መረጋገጺ ናይ ገምጋም ናይ ምቕባልን መሰል ኣለኩም። ናብ ሓደ ከባቢያዊ ካውንስል ሓደ ቤት ኣልቦ ሰብ ክተቕርቡ እንከለኹም ናብ ካልእ ከባቢያዊ ካውንስል ከቕርብ ክሓትተኩም የብሉን።

ንተወሳኺ ሓበሬታ ንመርበብ ሓበሬታ ናይ ኣብ ከባቢኹም ዝርከብ በዓል መዚ ወይ ነዚ ተወከሱ፧ https://scottishrefugeecouncil.org.uk/housing/#Yourrights

**ኣገዳሲ**

ኣብ ሓደ መንበሪ ገዛ ትነብሩ እንተለኹም፣ ክራይ ገዛ ትኽፈሉ እንተለኹም እዞም ዝስዕቡ ነገራት ትገብሩ ከምዘለኹም ኣረጋግጹ፧

- ግብሪ ካውንስል ክፈሉ፣ እዚ ብኦንላየን ወይ ነቲ ናትኩም ከባቢያዊ በዓል መዚ ብምርካብ ክግበር ይኽእል
- ዝኾነ ቀጥታዊ ቲቪ ቻነላት፣ ንኣብነት ቢቢሲ (BBC) ትጥቀም ቲቪ እንተለትኩም ወረቐት ፍቓድ ቲቪ ክፈሉ

## ኣእምሮኣዊ ጥዕና

ሓደ ሰብ ምስ ኣእምሮኣዊ ጥዕና ብዝተኣሳሰረ ሓገዝ ይሓትት እንተሎ ብመንገዲ NHS (**111**)ን ሳልሳይ ወገን ኤጀንሲታትን ኣቢልካ ደገፋት ምርካብ ይከኣል። ህጹጽ ደገፍ ዘድሊ እንተኾይኑ Scottish Ambulance Service (ኣገልግሎት ኣምቡላንስ ስኮትላንድ) (**999**) ኣብ ቅልውላው ኣእምሮኣዊ ጥዕና ንዝርከቡ ምላሽ ይህብ እዩ።

ሓደ ሰብ ኣብ ህዝባዊ ቦታ ኣብ ቅልውላው ኣእምሮኣዊ ጥዕና እንተሎን ቀጥታዊ ክንክን ወይ ሕክምናዊ ኣተሓሕዛ እንተደልዩን Mental Health (Care and Treatment) (Scotland) Act 2003 (ኣእምሮኣዊ ጥዕና (ክንክንን ሕክምናዊ ኣተሓሕዛን) (ስኮትላንድ) ሕጊ 2003) ፖሊስ ነቲ ሰብ ክኣስርን ሕክምናዊ ገምጋም ንክግበረሉ ናብ ውሑስ ቦታ ክወስዶን የፍቅደሉ። እዚ መብዛሕቲኡ ግዜ ኣብ ሆስፒታል ይኸውን።

## ልደት፣ ሞት፣ መርዓ

ኩሉም ልደታት ኣብ ውሽጢ 21 መዓልቲታት ኣብ ናይ ከባቢኹም ካውንስል ክምዝገቡ ኣለዎም፣ ከምኡ'ውን ኩሉም ሞታት ኣብ ውሽጢ 8 መዓልቲታት ክምዝገቡ ኣለዎም። መርዓታት ኣብ ውሽጢ 29 መዓልቲታት ክምዝገቡ ኣለዎም።

# ሕጊ ኣብ መንበሪ ገዛ

## ኣልኮል

ኣብ ስኮትላንድ ዕድሜኹም 18 ዓመት ወይ ልዕሊኡ እንተኾይንኩም ኣልኮል ክትገዝኡን ክትሰትዩን ብሕጊ ይፍቀደልኩም። ንዝኾነ ዕድሚኡ ትሕቲ 18 ዓመት ዝኾነ ይኹን ሰብ ኣልኮል ምግዛእ ዘይሕጋዊ እዩ። ኣብ ብዙሓት ድኳናትን ቤት መስተን ዕድሚኡ ትሕቲ 25 ዓመት እንተመሰሊኩም መለለዪ መንነት ክተርእዩ ክትሕተቱ ትኽእሉ ኢኹም። ቅቡላት ዓይነታት መለለዪ መንነት ፓስፖርት፣ ናይ ዩኬ ፍቓድ መዘወሪ መኪና፣ ወይ ከኣ ፓስ (PASS) ዝብል ኣርማ ዘለዎ ካርድ ያንግ ስኮት (Young Scot) የጠቓልል። ስኮትላንድ ዝተሓተ ዋጋ ኣሃዱ (minimum unit pricing) ዝብል ሕጊ ኣለዋ። እዚ ሕጊ ኣልኮል ብኣዝዩ ዝተሓተ ዋጋታት ክሸየጥ ከምዘይክእል ይገብር፣ እዚ ጸገማት ኣልኮል ንምንካይን ሰባት ውሕስነቶም ንምዕቃብን ዝዓለመ እዩ። ኣብ መንበሪ ገዛን ፍቓድ ዝተወሃቦም ቤት መስተ ወይ ቤት መግቢ ኣልኮል ክትሰትዩ ይፍቀደልኩም። ይኹን እንበር ኣብ ገለ ገለ ከተማታት ኣብ ህዝባዊ ቦታታት ንኣብነት ኣብ ጐደና ወይ ኣብ ፓርክታት ኣልኮል ምስታይ በቲ ከባቢያዊ ካውንስል ይኽልከል እዩ።

## ምትካኽን ቬፕ ምጥቃምን

ዝኾነ ትምባኾ ወይ ፍርያት ኒኮቲን ንምዕዳግ ዕድሜኹም 18 ዓመት ወይ ልዕሊኡ ክትኮኑ ኣለኩም። እዚ ሽጋራ፣ ሲጋር፣ ዝጥቕለል ትምባኾ፣ ቬፕ (ኢ-ሲጋሬት)፣ ከረጢት ኒኮቲንን ዝወዓየ ፍርያታት ትምባኾን የጠቓልል። ንሓደ ዕድሚኡ ትሕቲ 18 ዓመት ዝኾነ ሰብ እዚኣም ምግዛእ ዘይሕጋዊ እዩ፣ ከምኡ'ውን ንትሕቲ ዕድመ ዝኾኑ ሰባት ዝሸጡ ድኳናት መቕጻዕቲታት ክጋጥመን ይኽእል። ምትካኽን ቬፕ ምጥቅምን ኣብ ውሽጢ ህዝባዊ ህንጻታት፣ ኣብያተ መግቢ፣ ካፍቴርያታት፣ ህዝባዊ መጓዓዝያታት፣ ኣብያተ ትምህርቲን ናይ ስራሕ ቦታታትን ኣይፍቀድን። እዚ ባህላዊ ሽጋራን ዘበናዊ መሳርሒታት ቬፕን ክልቲኡ የጠቓልል። እገዳ መሸጣን ቀረብን ንሓደ እዋን ጥራሕ ኣብ ጥቕሚ ዝውዕል ቬፕ ኣብ ስኮትላንድ ዕለት 1 ጁን 2025 ኣብ ግብሪ ውዒሉ። ካብ ዝተፈቐደለን ድኳናት ትምባኾ ወይ ፍርያታት ቬፕ ክትገዝኡ ትኽእሉ። ነዞም ነገራት ካብ ናይ ጐደና ሸያጦ ወይ ዘይተፈቐደሎም መርበባት ሓበሬታ ከይትገዝኡ ምኽንያቱ ዘይውሑሳት ክኾኑ ይኽእሉ እዮም፣ መብዛሕቲኡ ግዜ ኸኣ ዘይሕጋውያን እዮም።

## ወረቐት ፍቓድ ቲቪ

ኣብ ስኮትላንድ ብዝኾነ መሳርሒ ቀጥታዊ ቴለቪዥን ትከታተሉ እንተኾይንኩም ወይ ከኣ BBC iPlayer ትጥቀሙ እንተኾይንኩም ወረቐት ፍቓድ ቴለቪዥን ክህልወኩም ኣለዎ። እዚ ኣብ ቴለቪዥን፣ ኮምፒዩተር፣ ስማርትፎን፣ ታብለት፣ ወይ ዝኾነ ካልእ ስክሪን ቀጥታዊ ቻነላት ምክትታል የጠቓልል። ቀጥታዊ ቲቪ ዳሕራይ ንምርኣይ ትቕድሑ እንተኾይንኩም እውን ወረቐት ፍቓድ የድልየኩም። ይኹን እንበር ኣብ ብጠለብ ዝቐርብ ኣገልግሎታት ንኣብነት Netflix፣ YouTube፣ Disney+፣, Amazon Prime ወይ ከምዚ ዝኣመሰሉ ኣገባባት ጥራህ ትከታተሉ እንተኾይንኩምን ቀጥታዊ ፈነወታት ወይ BBC iPlayer ዘይትከታተሉ እንተኾይንኩም ወረቐት ፍቓድ ቲቪ ኣየድልየኩምን። መግለጺ ወረቐት ፍቓድ ቲቪ ዘይምህላው ክትመልኡ ኣለኩም፣ እዚ ዘይተደለየ ደብዳበ ካብ ምቕባል ክከላኸለልኩም ይኽእል። ነዚ ብኦንላየን መንገዲ በዚ መርበብ ሓበሬታ ግበርዎ፤ https://www.tvlicensing.co.uk

ቀጥታዊ ስፖርትታት፣ ፊልምታት፣ ወይ ቻነላት ንምክትታል ከይከፈልካ ዝተመሓየሸ ወይ ዝተቐየረ መሳርሒ፣ ሳጹናት ቲቪ፣ ወይ ካልእ ዘይሕጋዊ መሳርሒ ፈነወ ምጥቃም ኣንጻር ሕጊ እዩ። እዚ ዲጂታል ጒሕልና ይበሃል። ነዞም መሳርሒታት ምሻጥን ምጥቃምን ክልቲኡ ዘይሕጋዊ እዩ። ንወረቐት ፍቓድ ሓዊሱ ንኣገልግሎታት ቲቪ ንዘይምኽፋል ብዝብል ነዚኦም ክጥቀሙ ዝተረኸቡ ሰባት ክቕጽዑ ወይ ክኽሰሱ ይኽእሉ።

## ገንዘብ ምልቃሕ

ኣብ ስኮትላንድ ገንዘብ ክትልቅሑ እንተደሊኹም ኩሉ ግዜ ሕጋዊን ቁጽጽር ዝግበረሎምን ኣለቃሕቲ ተጠቐሙ፣ ንኣብነት ባንክታት፣ ማሕበራት ክረዲት፣ ወይ ፍቓድ ዝተወሃቦም ትካላት ፋይናንስ። እዞም ትካላት እዚኦም ዓማዊል ብፍትሓዊ መንገዲ ንምሓዝን ልቓሓቶም ንከመሓድሩ ንምሕጋዝን ጽኑዕ ሕግታት ይኽተሉ። ብወግዒ ካብ ዘይተመዝገበ ሰብ ገንዘብ ክትልቅሑ የብልኩምን። እዞም ዘይሕጋውያን ኣለቃሕቲ ኣዝዩ ልዑል ወለድ የኽፍሉ ከምኡ'ውን ገንዘቦም መሊሶም ንምርካብ መፈራርሒታት ወይ ዓመጽ ክጥቀሙ ይኽእሉ።

ምስ ሻርክታት ልቓሕ ጉዳይ ምህላው ኣዝዩ ሓደገኛን ኣንጻር ሕጊን እዩ። ገንዘብ ወይ ዕዳ የጸግመልልኩም እንተሎ ናጻ ሓገዝ ምርካብ ይከኣል እዩ።

ደገፍን ምኽርን ንምርካብ ን Citizens Advice Scotland፣ Step Change፣ ወይ Money Advice Scotland ክትዘራርቡ ትኽእሉ ኢኹም። ኣይፈርድልክሙን እዮም፣ ከምኡ'ውን ኩሉ እትዛረብዎ ምሽጥራዊ እዩ።

# ሕጊ ኣብ ጐደና

ኣብ ህዝባዊ ቦታ እንትትኮኑ ክትክተልዎም ዘለኩም ኣገደስቲ ሕጊታት።

## ጸረ ማሕበረሰብ ዝኾነ ባህሪ ወይ ተግባር

እዞም ነገራት እዚኦም ጸገማት ክስዕቡ ይኽእሉ ኮይኖም መቕጻዕቲ ወይ ብፖሊስ ኣብ ቀይዲ ሕጊ ምእታው ክስዕቡ ይኽእሉ፤

- ምውጫጭ፣ ጸርፊ፣ ባእሲ
- ንሰባት ዓመጸኛ ወይ መፈራርሒ ምዃን።
- ንጐረባብቲ ወይ ኣጋይሽ ምዕማጽ ወይ ኣብ ልዕሊኦም ምጭዳር።
- ኣብ ጐደና ጐሓፍ ወይ ርስሓት ምድርባይ።
- ንብረታት (ነዊሕ ሰደቓ፣ መስኮታት) ምጉዳእ።

## ህዝባዊ ትእዛዝ - ሰላም ምሕላው

እዞም ዝስዕቡ እንተገይርኩም ናብ ጸገም ክትኣትዉ ትኽእሉ ኢኹም፤

- ኣብ ዘይተፈቐደሉ ቦታ ኣልኮል ምስታይ።
- ሰባት ክርዕዱ ወይ ክፈርሑ ብዝገብር መንገዲ ተግባር ምፍጻም።
- ምብኣስ ወይ ኣብ ህዝባዊ ቦታ ብዓመጸኛ መንገዲ ተግባር ምፍጻም።
- ክተቛርጹ ምስ እትሕተቱ ንፖሊስ ዘይምስማዕ።

## ጐሓፍ ምድርባይ - ጐደናታት ጽሬተን ዝሓለዋ ምግባር

ጐሓፍ ክትድርብዩ የብሉምን፣ እቲ ዝተቐመጠ መትሓዚ ጐሓፍ ተጠቀሙ ወይ ናብ ገዛ ውሰድዎ። ጐሓፍ ክትድርብዩ እንተታሒዝኩም መቕጻዕቲ ኪጋጥመኩም ተኽእሎ ኣሎ።

ኣብ ህዝባዊ ቦታ ኣብ ዘለኽምሉ እዋን ጐሓፍ ናይ ከልብኹም ዘይምጽራይ ገበን እዩ።

## ነውሪ ኣብ ህዝባዊ ቦታ

ኣብ ህዝባዊ ቦታ ንካልኦት ከጨንቕ ዝኽእል ኣካላት ሰብነትኩም ኣይተርእዩ፣ እዚ ንጡብ ወይ ከባቢ ብልዕቲ ይሓውስ። እዚ ገበን እዩ። ብውልቂ ክፍቀድ ዝኽእል ተግባር ኣብ ህዝባዊ ቦታ እንተተኻይዱ ገበን ክኸውን ይኽእል እዩ።

ኣብ ህዝባዎ ቦታ ጾታዊ ተግባራት ዘይሕጋውን ገበንን እዩ።

## ደው ምባልን ምፍታሽን

ፖሊስ ደው ከብለኩም ከምኡ'ውን ንዓኹም፣ ንቦርሳኹም፣ ጁባኹም ወይ መኪናኹም ክፍትሸኩም ይኽእል እዩ እንድሕር መሳርያ፣ ዝተሰረቐ ንብረታት ወይ ዕጸት ኣለኩም ኢሉ እንተሓሲቡ።

ህድእ በሉ፣ ስለ ምንታይ ትፍተሹ ከም ዘለኹም ክትሓትቱ ትኽእሉ ኢኹም። ተርጓሚ ክቐርበልኩም ክትሓትቱ እውን ትኽእሉ ኢኹም። ጓል ኣንስተይቲ ብጓል ኣንስተይቲ ሓላፊት ፖሊስ ክትፍተሽ ኣለዋ።

## መንገዲታት ምጥቃም

መንገዲታት ንምስጓም እዮም ዝጠቕሙ፣ ኩሉ ሰብ ንክጥቀመሉ'ም ጽሩያት ግበርዎም። መንገዲታት ብብሽክለታ፣ ፕራንያ፣ ትሮሊ፣ ወይ ብቦርሳታት መንገዲታት ኣይትዕጸዉ። መንገዲታት ኣብ ውሑስ ቦታታት ኣቋርጹ ንኣብነት ኣብ ናይ ትራፊክ መብራህቲታት ዘለዎ ቦታ ወይ ከኣ ናይ እግረኛ መሳግሮታትን።

ኣብ መንገዲ መካይን ወይ መካይን ዝበዝሖ ጽርግያታት ተጠንቀቑ።

# ናይ ምዝዋር ሕግታት

ኣብ ስኮትላንድ ሞተር ዘለዋ ተሽከርካቲ ክትዝውሩ እንተደሊኹም እዞም ዝስዕቡ የድልዩኹም፤

## መን ክዝውር ይኽእል?

መኪና ወይ ሞተር ብሽክለታ ኣብ ስኮትላንድ ንምዝዋር እንተወሓደ ዕድሜኹም 17 ዓመት ክኸውን ኣለዎ። ነታ ተሽከርካሪት ንሳ ባዕላ ዝኸውን ቅቡል ወረቐት ፍቓድ መዘወሪ እውን የድልየኩም። ኣብ ጽቡቕ ጥዕናን ኣስተብህሎን ምዃን ኣገዳሲ እዩ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ትሕቲ ጽልዋ ኣልኮል ወይ ዕጸት/መድሓኒታት ክትኮኑ የብልኩምን። ዕድሜኹም 16 ዓመትን ልዕሊኡን እንተኾይንኩም እሞ ኸኣ ዝተመዝገብኩም ስንኩል እንተኾይኑም ኣብ ገለ ገለ መምዘኒ መሰረት ብምግባር ወረቐት ፍቓድ ንምርካብ ክተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም። ንተወሳኺ ሓበሬታ ንመርበብ ሓበሬታ DVLA ተወከሱ።

## ናትኩም መዘወሪ ወረቐት ፍቓድ

### ነበርቲ ዩኬ

ኣብ ዩኬ ምሉእ መዘወሪ ወረቐት ፍቓድ ንምርካብ መጀመርታ ግዜያዊ መዘወሪ ወረቐት ፍቓድ ንምርካብ ክተመልክቱ የድልየኩም። ኣብ ኮምፒዩተር መሰረት ዝገበረ ፈተና ክልስ ሓሳብ እውን ክውሰድ ኣለዎ፣ እዚ ብዛዕባ ናይ ጽርግያ ሕግታትን ውሕስነትን ዘለኩም ፍልጠት ይፍትሽ። ድሕሪኡ መርመራ ተግባራዊ ምዝዋር መኪና ምውሳድ የድልየኩም፣ እዚ ኣብ ጽርግያ ብውሑስ ኣገባብ ክትዝውሩ ትኽእሉ እንተኾይንኩም ንምርኣይ እዩ። ክልቲኦም መርመራታት ብዓወት ምስ ዛዘምኩም መዘወሪ ፍቓድ ወረቐትኩም ክትቅበሉ ኢኹም።

### ወጻእተኛታት ዘወርቲ

ትበጽሑ እንተለኹም ወይ ኣብዚ ቀረባ እዋን ናብ ስኮትላንድ ዝገዓዝኩም እንተኾይንኩም እቲ ሕጂ ዘለኩም ወረቐት መዘወሪ ፍቓድ ንዝተወሰነ እዋን ክትጥቀሙ ትኽእሉ ኢኹም። ከመይ ከም ዝሰርሕ ዘርኢ ኣብነታዊ መርኣያ እነሆ፤

- መዘወሪ ፍቓድ ወረቐትኩም ካብ EU ወይ EEA (ኤውሮጳዊ ሕብረት ወይ ኤውሮጳዊ ቁጠባዊ ዞባ) እንተኾይኑ ክሳብ 70 ዓመትኩም ወይ ከኣ ናብ ዩኬ ምስገዓዝኩም ንሰለስተ ዓመታት ክትዝውሩ ትኽእሉ ኢኹም፣ ካብ ክልቲኡ እቲ ዝነውሐ ግዜ ዝወስድ ክኸውን ይኽእል። ብድሕሪኡ ናብ መርመራ ምውሳድ ከየድልየኩም ናይ ዩኬ መዘወሪ ፍቓድ ወረቐት ክትቅይሩ ትኽእሉ ኢኹም።
- ወረቐትኩም ካብ ከም ኣውስትራልያ፣ ካናዳ፣ ጃፓን ወይ ኒውዝላንድ እንተኾይኑ ናብ ዩኬ ድሕሪ ምግዓዝኩም ንሓደ ዓመት ዝኣክል ክትዝውሩ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ ዓመታት መርመራ ከይወሰድኩም ወረቐትኩም ናብ ዩኬ ክትቅይሩ ትኽእሉ ኢኹም።
- መዘወሪ ፍቓድ ወረቐትኩም ካብ ካልእ ቦታ እንተኾይኑ እውን ንሓደ ዓመት ዝኣክል ክትዝውሩ ትኽእሉ ኢኹም። ብድሕሪኡ ንግዜያዊ መዘወሪ ፍቓድ ወረቐት ዩኬ ክተመልክቱ የድልየኩም፣ ከምኡ'ውን ክልቲኡ ጽሑፋዊ ናይ ክልስ ሓሳብ መርመራን መርመራ ተግባራዊ ምዝዋርን ክትሓልፉ የድልየኩም።
- መዘወሪ ፍቓድ ወረቐትኩም ብቛንቋ እንግሊዝኛ እንተዘይኮይኑ International Driving Permit (IDP) [ዓለም ለኻዊ መዘወሪ ፍቓድ] ከኣ ቅቡል ዝተተርጎመ ናይ ወረቐትኩም ምሓዝ ጽቡቕ እዩ።

ኣብ ስኮትላንድ ንምንባር ኣብ እትፍትንሉ እዋን በዚ መንገዲ ብውሑስን ብሕጋውን ኣገባብ ክትዝውሩ ትኽእሉ።

## ወረቓቕቲ ተሽከርካሪ

### ግብሪ ጽርግያ

ብህዝባዊ ጐደናታት ዝኸዳ ኩለን መካይን ግብሪ ክኸፍላ የድልየን። ነዚ ግብሪ ተሽከርካሪ ብኦንላየን ኣገባብ በዚ መርበብ ሓበሬታ ብቐሊሉ ክትከፍሉ ትኽእሉ፤ www.gov.uk/vehicle-tax

### ኢንሹራንስ (መድሕን)

መኪና ንምዝዋር መድሕን ክህልወኩም ኣለዎ። እንተወሓደ ናይ ሳልሳይ ወገን መድሕን ክትረኽቡ ኣለኩም። ከምዚ ዓይነት መድሕን ኣብ ልዕሊ መካይን ወይ ንብረት ካልኦት ሰባት ክተብጽሕዎ እትኽእሉ ዝኾነ ጉድኣት ክትከፍሉ ይሕግዘኩም። ኣብቲ ፖሊሲ መድሕን ሽምኩም ከምዝተቐመጠን ከምኡ'ውን ንጡፍን እዋናውን ምዃኑ ክተረጋግጹ እውን ኣገዳሲ እዩ።

### መርመራ MOT

መኪናኹም ካብ ሰለስተ ዓመት ንላዕሊ ዝጸንሐት እንተኾይና ነፍሰ ወከፍ ዓመት ንውሕስነት MOT ብዝበሃል መርመራ ክትፈትሸዋ ኣለኩም። ነዚ መርመራ ዝኸውን መደብ ግዜ ኣብ ተኣማኒ ጋራጅ ክትሕዙ ትኽእሉ ኢኹም። ውጽኢታት ናይዚ መርመራ ኣብ ኦንላየን መዝገብ ይዕቀብ፣ ከምኡ'ውን ቅዳሕ ንገዛእ ርእስኹም ምሓዝ እውን ጽቡቕ ሓሳብ እዩ። ዘክሩ ቅቡል ግብሪ፣ መድሕን፣ ወይ MOT ዘየብላ መኪና ምዝውር ኣንጻር ሕጊ እዩ። ከምኡ ምግባር መቕጻዕቲ ከስዕብ ይኽእል ወይ ከኣ መኪናኹም ክትውሰድ ክገብር ይኽእል።

**ኣገዳሲ፤** ጐማታትኩም ኣብ ጽቡቕ ኩነት ከምዘለዉ ኣረጋግጹ። እቲ ዝተሓተ ዕምቆት ጫፍ ጐማ 1.6 ሚሜ እዩ፣ ኣብ ማእከላይ ሰለስተ ርብዒ ናይቲ ጐማ ጫፍ ዕምቆትን ኣብ ምሉእ ዙርያ ናይቲ ጐማን ይዕቀን። ጐማኹም ኣሪጉ ከይከውን፣ ትሑት ጸቕጢ ኣየር፣ ወይ ዝኾነ ጉድኣት ከይህልዎ በቢግዜኡ ፈትሹ። ኣብ ጽቡቕ ኩነት እንተዘየለ ክትካኣሉ ዘለዎ ግዜ ሽው እዩ።

## ሕግታት ውሕስነት ኣብ ጽርግያ

- ኣብ ውሽጢ መኪና ኣብ እትኾንሉ እዋን ኩሉ ግዜ መዕጠቒ ውሕስነት ተጠቀሙ።
- ትሕቲ እቲ ገደብ ቅልጣፈ ክትከዱ ዝሕብር ምልክታት እንተዘየለ በቲ ገደባት ቅልጣፈ ዘውሩ።
  - ብዙሓት ቦታታት ከተማ 20፣ 30፣ ወይ 40 ማይል ኣብ ሰዓት ዝብል ቦታታት ኣለወን።
  - መብዛሕቲኡ ካብ ከተማ ወጻኢ ዘሎ ጽርግያታት 40፣ 50፤ ወይ 60 ማይላት ኣብ ሰዓት ዝብል ቦታታት ኣለዎ።
  - መብዛሕቲኡ መንገዲ ተሽከርካሪ 70 ማይል ኣብ ሰዓት ይብል፣ እንተኾነ ግን ኣብ ገለ ገለ ካብኡ ዝተሓተ ክኸውን ይኽእል።
- መላግቦ ናብ መርበብ ሓበሬታ መንግስቲ ገደባት ቅልጣፈ - GOV.UK ምኽንያቱ ኣብዚ ሕጂ ኣዋን ገደብ ቅልጣፈ ናብ ትሕቲ 20 ማይል ኣብ ሰዓት ዘቐመጣ ብዙሓት ከተማታት ኣለዋ።
- ኣብ እትዝውርሉ እዋን ዝኾነ ብኢድ ዝተሓዝ መሳርሒ ፍጹም ኣይትሓዙ፣ ንኣብነት ቴለፎን ወይ ሳተላይት መሳርሒ፣ እንትርፎ ነቲ መሳርሒ ከይሓዝኩም ክትዛረቡ ዘኽእለኩም ብኢድ ዘይተሓዝ ኣገባብ እንተህልወኩም። ቅድሚ ምዝዋር ምጅማርኩም ምሉእ ብምሉእ ነቲ መሳርሒ ምድላው ኣረጋግጹ ከምኡ'ውን ኣብቲ ጽርግያ እንከለኹም ፍጹም ኣይትጠቀምሉ። ከምኡ'ውን ኣብ እትዝውርሉ እዋን እቲ መሳርሒ ነቲ ጽርግያ ካብ ምርኣይ ከይዓግተኩም ምግባር ኣገዳሲ እዩ።

**ኣብ ጽርግያ ውሕስነትኩም ሓልዉ!**

## ሕጊ መስተን-ምዝዋርን

ስኮትላንድ ኣብ ዩኬ ካብቶም ጽኑዓት ሕግታት መስተን-ምዝዋርን ሓደ ዝኾነ ሕጊ ኣለዋ፤

- 22 ማይክሮግራም ኣልኮል ኣብ ሓደ 100 ሚሊ እስትንፋስ
- 50 ሚሊግራም ኣልኮል ኣብ ሓደ 100 ሚሊ ደም
- 67 ሚሊግራም ኣልኮል ኣብ ሓደ 100 ሚሊ ሽንቲ

## ዋላ ሓደ ትዕግስቲ የለቦን

ክትዝውሩ እንተወጢንኩም እቲ ዝበለጸ ውሳነ ዘይምስታይ እዩ። ዋላ ንኡሽቶ ኣልኮል ንናይ ምዝዋር ዓቕምኹም ክጸልዎ ይኽእል እዩ።

እዚ ሕጊ ንኩሉ ሰብ እዩ፣ ሓድሽ ዘዋሪ ኩን ዋላ ንብዙሕ ዓመታት ትዝውር ዝነበርካ ኹን ብዘየገድስ።

## ሳዕቤናት ሰቲኻ ምዝዋር

ኣብ ስኮትላንድ ሰቲኹም ክትዝውሩ እንተታሕዙም እዞም ዝስዕቡ ከጋጥምኹም ይኽእሉ፤

- እገዳ ናይ ምዝዋር (እንተወሓደ 12 ኣዋርሕ)
- መዝገብ ገበን
- መቕጻዕቲ (ክሳብ £5,000)
- ክሳብ 6 ኣዋርሕ ዝበጽሕ ማእሰርቲ
- ወጻኢታት መድሕን መኪና ይውስኽ
- ስራሕኩም ምስኣን፣ ብፍላይ ከኣ ስራሕኩም ምዝዋር እንተኾይኑ

ንተደጋጋሚ ገበናት ወይ ዝያዳ ከበድቲ ጉዳያት (ንኣብነት ሓደጋ ምስዓብ) እቲ መቕጻዕቲታት ዝያዳ ከቢድ ክኸውን እውን ይኽእል።

## እቲ ዝቕጽል ንጉሆ ኸ?

ኣልኮል ንብዙሕ ሰዓታት ኣብ ሰብነትኩም ክጸንሕ ይኽእል እዩ። እዚ ማለት ኣብቲ ዝቕጽል ንጉሆ እውን እንተኾነ ንምዝዋር ዓቕሚ ዘየብልኩም ክትኮኑ ትኽእሉ ኢኹም፣ ብፍላይ ከኣ ኣብቲ ቅድሚኡ ዝነበረ ለይቲ ብዙሕ ሰቲኹም እንተኾይንኩም። ዳግማይ ርግኣት ኣካላት ንክስመዓኩም ዝገብር ስሉጥ መንገዲ የለን፣ እቲ ብሕታዊ ፍታሕ ሰብነትኩም ነቲ ኣልኮል ክሳብ ዘካይዶ ምጽባይ እዩ።

## ውሑስ ኩኑ - ኣቕዲምኩም ወጥኑ

ካልእ መኪና ሕተቱ፣ ህዝባዊ መጓዓዝያ ተጠቐሙ፣ ወይ ታክሲ ጸውዑ።

ካብ ኣልኮል ናጻ ዝኾነ ዘዋሪ መኪና መድቡ።

ካብ ሓደ ዝሰቲ ዝነበረ ሰብ ናይ ምጉዕዓዝ ሕቶ ክይትቕበሉ።

ትዝውሩ እንተለኹም ኣይትስተዩ።

ትሰትዩ እንተነይርኩም ኣይትዘውሩ።

ዝስተየ ሰብ ብሽክለታ እንትዝውር እውን ገበን ምኻኑ ኣስተብህሉ።

# ገበናት ትራፊክ ጽርግያ ኣብ ስኮትላንድ

ኣብ ስኮትላንድ ኣብ ጽርግያታት ምዝዋር ዝምልከቱ ሕግታት ኣለዉ፣ እዚኦም ውሕስነት ኩሉ እቲ ዝጥቀመሎም ሰብ ንምሕላው ዝዓለሙ እዮም። ብድሕሪ ሓንቲ ተሽከርካሪት እንተለኹም እንታይ ይፍቀድ እንታይ ኣይፍቀድን ምርዳእ ወሳኒ እዩ።

## ልሙዳት ገበናት ትራፊክ ጽርግያ

ድሕሪ ሓደጋ ደው ዘይምባል

ምቕልጣፍ (ልዕሊ ዓቐን ቅልጣፈ)

ኣብ ትሕቲ ጽልዋ ኣልኮል ወይ መድሓኒት/ዕጽ ኮይንካ ምዝዋር

ብዕሽሽታ ወይ ሓደገኛ ኣዘዋውራ ሞት ምስዓብ

ሓደገኛ ኣዘዋውራ

ኣብ እዋን ምዝዋር ሞባይል ቴለፎን ምጥቃም

ሸለልተኛ ወይ ዘይግዱስ ኣዘዋውራ

ብዘይ ቅቡል መድሕን ተሽከርካሪ ምዝዋር

ብዘይ መዘወሪ ፍቓድ ወረቐት ምዝዋር ወይ ከኣ ብቑዕ ኣብ ዘይኮንካሉ እዋን ምዝዋር

ምልክታት ትራፊክ ዕሽሽ ምባል (ኣብነት ቀይሕ መብራህቲ እንከሎ ምዝዋር)

መዕጠቒ ድሕነት ዘይምጥቃም

ቅቡል ወረቐት MOT ዘየብልካ ምዝዋር

ብዘይውሑስ ወይ ጸገም ዘለዎ ኣካላት ተሽከርካሪት ምዝዋር

## መቕጻዕቲታት

ዝኾነ ካብዞም ሕግታት እንተጥሒስኩም ስዒቡ ዝመጽእ ኣብ ክብደት እቲ ገበን ዝምርኮስ ይኸውን። እዚ ዝስዕብ ከጋጥመኩም ይኽእል፤

- ክትከፍልዎ ዝግባእ ገንዘባዊ መቕጻዕቲ
- ናብ ናይ ምዝዋር መዝገብኩም ነጥቢታት ይውሰኽ
- ግዜያዊ እገዳ ካብ ምዝዋር
- ኣብ ከበድቲ ጉዳያት ዝያዳ ከቢድ ሳዕቤን ክትግበር ይኽእል

እዞም መቕጻዕቲታት እዚኦም ናይ ምዝዋር ዓቕምኹም ከጸልዉ ከም ዝኽእሉ ክትርድኡ ኣገዳሲ እዩ።

### ነጥቢታት መቕጻዕቲንን ዝግበር ምንካያትን

ገለ ናይ ምዝዋር ገበናት ክትፍጽሙ እንከለኹም ነጥቢታት ናብ ናይ ምዝዋር መዝገብኩም ይውሰኽ። እዞም ነጥቢታት ኣብ መዝገብኩም ካብ ብዙሓት ዓመታት ክጸንሑ ይኽእሉ፣ ኣብቲ ዓይነት ናይቲ ገበን ይምርኮስ። ኣብ ውሽጢ 3 ዓመት 12 ነጥቢ ወይ ልዕሊኡ እንተኣዋህሊልኩም ናይ ምዝዋር ሓለፋ መሰላትኩም ን 6 ኣዋርሕ ክትስእኑ ትኽእሉ ትኽእሉ ኢኹም።

ኣብ ዝሓለፉ 2 ዓመታት መርመራታት ምዝዋር ንዝሓለፉ ሓደሽቲ ዘወርቲ 6 ነጥቢታት ጥራሕ መዘወሪ ፍቓድ ወረቐቶም ክውሰድ ክግበር ይኽእል። ኣብ ከምዚ ጉዳይ ነቲ መዘወሪ ፍቓድ ወረቐት ደጊምኩም ንምቕባል ናይ ምዝዋር መርመራኹም ዳግማይ ምውሳድ ከድልየኩም ይኽእል።

## ኤለክትሪክ ብሽክለታን ኤለክትሪክ ስኩተርን

### ኤለክትሪክ ብሽክለታ ንምዝዋር፤

- ነታ ብሽክለታ ንምሕንባብ ዝኸውን ፔዳል (መርገጺያ) ክህልዋ ኣለዎ።
- እቲ ሞቶር ኣብ 15.5 ማይል ኣብ ሰዓት (25 ኪሜ ኣብ ሰዓት) ዘቋርጽ ክኸውን ኣለዎ
- እቲ ሞተር ካብ 250 ዋት ዝዛይድ ጉልበት ክህልዎ ኣለዎ።
- ንምዝዋር ዕድሜኹም 14 ዓመት ወይ ልዕሊኡ ክትኮኑ እንኤኩም።
- መዘወሪ ፍቓድ ወረቐት፣ መድሕን፣ ወይ ግብሪ ጽርግያ ኣየድልን።

ዝኾነ ኤለክትሪክ ብሽክለታ መምርሒ ሕግታት EAPC እንተዘይተኸቲሉ ሞተር ብሽክለታ ወይ ሞፐድ ተገይሩ ይውሰድ፣ እዚ ኸኣ ምዝገባን ግብሪን ይጠልብ፣ ከምኡ'ውን እቲ ዘዋሪ ቅቡል መዘወሪ ወረቐት ፍቓድ ክህልዎን መከላኸሊ ቆብዕ ክገብርን ኣለዎ።

### ኤለክትሪክ ስኩተር ንምዝዋር፤

ኣብ ስኮትላንድ ብውልቂ ዝተወነና ኤለክትሪክ ስኩተር ኣብ ህዝባዊ ጽርግያታት፣ መንገዲታትን መንገዲታት ብሽክለታን ምጥቃም ኣንጻር ሕጊ እዩ። ኣብ ውልቃዎ ቦታ ጥራሕ ክትዝውሩ ትኽእሉ፣ እዚ እውን ካብቲ ነቲ መሬት ዝውንን ሰብ ፍቓድ ምስ እትረኽቡ እዩ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ኤለክትሪክ ስኩተር ብመሰረት ሕጊ ትራፊክ ጽርግያ 1988 (Road Traffic Act 1988) ሞተር ዘለወን ተሽከርከርቲ ተባሂለን ስለዝምደባ እዩ።

## ስኩተር ንምውናንን ንምዝዋርንን ዝቐርብ መምዘኒታት፤

ኢንሹራንስ (መድሕን)

መዘወሪ ፍቓድ ወረቐት

ግብሪ ጽርግያ

ነዞም መምዘኒታት እንተዘይኣማሊእኹም ነቲ ሕጊ ትጥሕሱ ኣለኹም።

ሃይማኖታዊ ክዳን ማለት'ውን መዓመምያ ወይ መጠምጠምያ ርእሲ ሓደ ፍሉይ ኩነት ናይ መከላኸሊ ቆብዕ ምኽኑ ኣስተብህሉ።

## መቕጻዕቲታት

ውልቃዊ ኤለክትሪክ ስኩተር ኣብ ህዝባዊ ቦታ ክትጥቀሙ እንተተታሒዝኩም እዚ ዝስዕቡ ክጋጥመኩም ይኽእል፤

- £300 መቕጻዕቲ ከምኡ'ውን ሽድሽተ ነጥቢታት ኣብ መዘወሪ ፍቓድ ወረቐትኩም ብዘይ መድሕን ብምዝዋርኩም
- £100 መቕጻዕቲ ከምኡ'ውን ካብ ሰለስተ ክሳብ ሽድሽተ ነጥቢታት ብዘይ ቅኑዕ መዘወሪ ፍቓድ ወረቐት ብምዝዋር
- £50 መቕጻዕቲ ኣብ መንገዲ ሰባት ብምዝዋር
- £200 መቕጻዕቲ ከምኡ'ውን ሽድሽተ ነጥቢታት ኣብ እዋን ምዝዋር ሞባይል ቴለፎን ብምጥቃም
- £100 መቕጻዕቲ ከምኡ'ውን ክጋጥም ዝኽእል መቕጻዕቲ ነጥቢታት ብቀይሕ መብራህቲ ብምዝዋር
- ብቤት ፍርዲ ዝወርድ መቕጻዕቲታን፣ ናይ ምዝዋር እገዳታት ከምኡ'ውን ክጋጥም ዝኽእል ማእሰርቲ ኣብ ትሕቲ ጽልዋ ኣልኮል ወይ መድሓኒታት/ዕጸት ኮይንካ ብምዝዋር

# ሕጊ ኣብ ስራሕ

ስራሕ ሓደ ኣስራሒ ንሰራሕተኛ ስራሕ ንክካይደሉ ዝኸፈለሉ ስምምዕ ተባሂሉ ይግለጽ። እዚ ስምምዕ ብጽሑፍ ወይ ብቓል ክግበር ይኽእል።

## መሰላትኩም

መሰላት ሰራሕተኛታት - ብመሰረት ሕጊ መሰላት ስራሕ 1996 (Employment Rights Act 1996) ሰራሕተኛታት ካብ ዘይፍትሓዊ ምስጓግ፣ ኣድልዎ ዝተሓለዉ እዮም፣ ከምኡ'ውን ኩሎም ሰራሕተኛታት ክፍሊት፣ ሰዓታትን ዕረፍቲን ብዝምልከት ብፍትሓዊ ኣገባብ ብዝኾነ መንገዲ ክተሓዙ ኣለዎም።

- ድሕሪ እቲ ዝጀመርክምሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ 2 ኣዋርሕ ዝተጽሓፈ መግለጺ ውዕሊ ስራሕ።
- ኣብ ነፍሰወከፍ እትቕበልዎ ደሞዝ ወረቐት ክፍሊት ደሞዝ ናይ ምቕባል መሰል።
- ብሃገራዊ ዝተሓተ ደሞዝ ናይ ምቕባል መሰል
- ኣብ መዓልቲ በዓል ክፍሊት ናይ ምቕባል መሰል፣ ንናይ ምሉእ ግዜ ሰራሕተኛታት 28 መዓልቲታት እዩ።
- ናይ ክፋል ግዜ ሰራሕተኛታት ብመሰረት ዝሰርሕዎ ሰዓታት ዝተመጣጠነ ክፍሊት ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎም።
- ናይ ክፋል ግዜ ሰራሕተኛታት ምስ ናይ ምሉእ ግዜ ሰራሕተኛታት ሓደ ዓይነት መሰላት ኣለዎም።
- ንሓደሽቲ ወለዲ ዝወሃብ ክፍሊት ዘለዎ ናይ ኣቦነት ዕረፍቲ
- ዕድመ፣ ስንክልና፣ ጾታ፣ ጾታዊ መንነት፣ ዓሌት፣ ሃይማኖት/እምነታትን ጥንሲን መሰረት ብምግባር ኣድልዎ ኣብ ልዕሌኹም ናይ ዘይምብጻሕ መሰል

## ምስጓግ

እንተተሰጒግኩም ኣብቲ ቦታ ን 2 ዓመታት ወይ ልዕሊኡ ዝኣክል እንተሰሪሕኩም ስራሕኩም ስለምንታይ ትስእኑ ከምዘለኹም ዝገልጽ ዝተጽሓፈ መግለጺ ናይ ምርካብ መሰል ኣለኩም። ሓንቲ ጥንስቲ ወይ ኣብ ናይ ኣደነት ዕረፍቲ ዘላ ሰብ እንተተሰጒጓ ኣብቲ ቦታ ዝሰርሓትሉ መጠን ግዜ ብዘየገድስ ዝተጽሓፈ ምኽንያት ናይ ምርካብ መሰል ኣለዋ። ብዘይፍትሓዊ ኣገባብ እንተተሰጒግኩም ኣብቲ ቦታ ን 2 ዓመታት ወይ ልዕሊኡ እንተሰሪሕኩም ካሕሳ ናይ ምሕታት መሰል ኣለኩም።

## ጥዕናን ውሕስነትን

ኣስራሕቲ ስራሕተኛታቶም ኣብ ውሑስ ናይ ስራሕ ቦታን ከባቢን ይሰርሑ ከምዘለዉ ከረጋግጹ ኣለዎም። ንኩሎም ስራሕተኛታት ኣድላዪ መሳርሒን ስልጠናን ከቕርቡ ኣለዎም፣ ምኽንያቱ እዚ ዝኾነ ኣብ ልዕሊ ስራሕተኛታት ክበጽሕ ዝኽእል ሓደጋታት ይንከ።

## ማዕርነትን ኣድልዎን

ብመሰረት ሕጊ ማዕርነት 2010 ኣብ ዝኾነ ካብዞም ዝተሓለዉ መለለዪታት መሰረት ብምግባር ኣብ ልዕሊ ዝኾነ ሰብ ኣድልዎ ምፍጻም ዘይሕጋዊ እዩ፤

- ዕድመ
- ጾታዊ ምስግጋር
- ምምርዓው ወይ ኣብ ሲቪላዊ ርክብ ምህላው
- ጥንሰቲ ምኽን ወይ ኣብ ፍቓድ ኣደነት ምኽን
- ስንክልና
- ዓሌት፡ ንሕብሪ፣ ዜግነት፣ ብሄር ወይ ሃገራዊ መበቆል ሓዊሱ
- ሃይማኖት ወይ እምነት
- ጾታ
- ጾታዊ ዝንባለ

## ውዕሊታት ስራሕ

ንጹርን ብሕጊ ዝተግበርን፣ እዚኦም ወሰንቲ ኮይኖም እቶም ነጥቢታት ስራሕ፣ ክፍሊትን ሓላፍነታትን ከቕምጡ ኣለዎም፣ ካብኣቶም ዝምልከተኩም እንተኾይኖም ርግጸኛ እንተዘይኮይንኩም ነዚ ዝስዕብ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም፤ Citizens Advice Bureau ብመንገዲ መርበብ ሓበሬታኦም www.cas.org.uk ወይ ናብቲ ኣብ ከባቢኹም ዝርከብ ቢሮ ደውሉ።

The Advisory, Conciliation and Arbitration Service፣ (ACAS) ተባሂሉ እውን ዝፍለጥ ብመንገዲ መርበብ ሓበሬታኦም፤ www.acas.org.uk ወይ ናብዚ ብምድዋል **0300 123 1100.**

ተርጓሚ እንተድልይኩም ናብቲ ቁጽሪ ብምድዋል ተርጓሚ ክቕርበልኩም ሕተቱ። ብቴለፎን ክትሰምዑ ወይ ክትዛረቡ ዘይትኽእሉ እንተኾይንኩም ናብ **18001 0300 123 1100** እውን ብጽሑፍ መልእኽቲ ክትሰድዱ ትኽእሉ ኢኹም። ACAS ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ካብ 8am ክሳብ 6pm ክፉት እዩ።

# ግዳያት ገበን

## መንግ እዩ ግዳይ ክኸውን ዝኽእል?

ገበን ዕድመ፣ ጾታ፣ ወይ ድሕረ ባይታ ብዘየገድስ ንዝኾነ ሰብ ክጸልው ይኽእል። ሓደ ግዳይ ብሓደ መንገዲ ብገበን ዝተሃሰየ ሰብ እዩ፣ እዚ ኣካላዊ መጉዳእቲታት፣ ስምዒታዊ ጭንቀት፣ ወይ ፋይናንስዊ ክሳራ ክኸውን ይኽእል።

## ግዳይ እንተኾይነ እንታይ ክገብር ኣሎኒ?

ስቕ ኣይትበሉ። ደገፍ ንምርካብን ነቲ ጉድኣት ደው ንምባልን እንታይ ኣጋጥሚኩም ከምዘሎ ንሓደ ሰብ ምዝርራብ ናይ መጀመርት ስጉምቲ እዩ።

ነዞም ዝስዕቡ ክተዘራርቡ ትኽእሉ ኢኹም፤

- ንእትኣምንዎ ኣባል ስድራቤት ወይ ዓርኪ
- ንፖሊስ
- ንናይ ደገፍ ትካል

ሓደ ሓደ እዋንን ፍርሒ ወይ ዘይርጉጽነት ክስመዓኩም ምሉእ ምሉእ ንቡር እዩ፣ እንተኾነ ግና ኣብዚ ጉዳይ በይንኹም ከምዘይኮንኩም ዘክሩ።

## ከም ሓደ ግዳይ ዘለኩም መሰላት

ኣብ ስኮትላንድ ገበን እንተተፈጺምኩም ገለ ገለ መሰላት ከምዘለኩም ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ። እዞም መሰላት ኣብ ከቢድ እዋን ንዓኹም ንምድጋፍ ክሕግዙ ይኽእሉ እዮም።

- ብኽብሪን ምሓዝ
- ኣብ ጉዳይኩም እንታይ ይኸውን ከምዘሎ ዝምልከት ሓበሬታ ምርካብ
- ክትኣልይዎን ክትሓውዩን ዝሕግዝ ኣገልግሎታት ደገፍ ምርካብ
- ጉዳይኩም ናብ ቤት ፍርዲ እንተኸይዱ ደገፍ ምርካብ

ኣብ ጉዳይኩም ዝሳተፉ ኩሎም ወገናት ንኣብነት ሓለፍቲ ፖሊስ፣ ጠበቓታትን ሰራሕተኛታት ቤት ፍርድን ብኽብሪን ብፍትሓዊ ኣገባብን ክሕዝኹም ኣለዎም።

**መጥቃዕቲ**

መጥቃዕቲ ብሓደ ሰብ ኣብ ልዕሊ ካልእ ሰብ ዝበጽሕ ዓመጽ እዩ። ብልሙድ እዚ ኣካላዊ ዓመጽ እዩ። እቲ ዓመጽ ብሕጊ ከም ሓደ መጥቃዕቲ ንክረኣይ ጉድኣት ከስዕብ ግድን ኣይኮነን። ሓደ መጥቃዕቲ ኢድን እግሪን ወይ መሳርያ ማለት'ውን በትሪ፣ ሕጡብ ወይ ካራ ብምጥቃም ክፍጸም ይኽእል። ሓደ ሰብ ኣብ ልዕሌኹም ቱፍ እንተይሉ ወይ ከልቡ ክሰድደልኩም እንተፈራርሒኩም እውን መጥቃዕቲ ተገይሩ ይውሰድ። ዝተጋደደ መጥቃዕቲ ነቲ ገበን ዝያዳ ከቢድ ይገብሮ። መጥቃዕቲ ብዝተፈላለየ መንገዲታት ክጋገደድ ይኽእል፣ ንኣብነት፡ መሳርያ ብምጥቃም፣ እቲ ግዳይ ኣረጋዊ ወይ ህጻን እንተነይሩ፣ እቲ ግዳይ መጥቃዕቲ ዝወረዶ ኣብ መንበሪ ገዝኡ እንተኾይኑ። ኣብዛ ሃገር ካራ ከምኡ'ውን ወይ ከኣ መሳርያ ሒዝካ ምንቅስቓስ ዘይሕጋዊ እዩ።

## ነፍጢ

ኣብ ስኮትላንድ ብዘይ ግቡእ ፍቓድ ጠበንጃ ምጥቃም ወይ ምሓዝ ከቢድ ገበን እዩ። እቲ ንነፍጢ ዝምልከት ሕግታት ኣዝዮም ጽኑዓት ኮይኖም ኩሉ ሰብ ውሑስ ንክኸውን ዝወጹ እዮም። እዚ መደንዘዚ ጠበንጃታትን መንጸፊ ፐፐርን የካትት።

### ገበናት

- ብዘይ ቅቡል ምስክር ወረቐት ወይ ወረቐት ፍቓድ ጠበንጃ ምሓዝ
- ኣብ ህዝባዊ ቦታታት ብዘይ ሕጋዊ ምኽንያት ነፍቲ ምሓዝ
- ገበን ንምፍጻም ንኣብነት ንዝምታ ወይ ንመጥቃዕቲ ነፍጢ ምጥቃም
- ህይወት ኣብ ሓደጋ ንምእታው ነፍጢ ምሓዝ
- ዝተኸልከለ መሳርያታት ኣብ ዘቤታዊ ቀጽሪታት/ውልቃዊ መንበሪታት ምሓዝ፣ ክፍሊ 46 ናይ ገበነኛ መሳርያታት ሕጊ 2019 (Section 46, The Offensive Weapons Act 2019)
- ጠበንጃታት ብዘይሕጋዊ ኣገባብ ምቕራብ ወይ ምሻጥ
- ዝተኸልከለ መሳርያታት ንኣብነት ኣውቶማቲክ ነፍጢታት፣ ካራታት ወይ ዘመርቱ ንጥረ ነገራት ምሓዝ

### መቕጻዕቲታት

ሓደ ሰብ ብዘይ ግቡእ ወረቐት ፍቓድ ጠበንጃ ሒዙ እንተተረኺቡ ክሳብ 5 ዓመታት ማእሰርቲ ኪጋጥሞ ይኽእል ከምኡ'ውን ገዚፍ ገንዘባዊ መቕጻዕቲ እውን ክኸፍል ይኽእል።

ሓደ ነፍጢ ገበን ንምፍጻም ኣብ ጥቕሚ እንተወዒሉ ሳዕቤናት ኣዝዩ ከቢድ ክኸውን ይኽእል፣ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዘብጽሕ ፍርዲ ዕምሪ ምሉእ ከስዕብ ይኽእል። ንህይወት ሓደ ሰብ ኣብ ሓደጋ ንምእታው ብውጣን ነፍጢ ምሓዝ እውን ፍርዲ ዕምሪ ምሉእ ከስዕብ ይኽእል።

ዘይሕጋዊ ጠበንጃታት ምቕራብ ናብ ገደብ ዘየብሉ ማእሰርቲ ከወስድ ይኽእል።

ኣብ ህዝባዊ ቦታ ተመሳሳሉ ዝተመስርሐ ጠበንጃ ምሓዝ ንሰባት ዘፍርሕ እንተኾይኑ ወይ ከኣ ብዘፈራርሕ መንገዲ እንተተጠቂምክምሉ ኣብ ቀይዲ ሕጊ ምእታው ከስዕብ ይኽእል።

# ዕድመ ገበናዊ ሓላፍነት ኣብ ስኮትላንድ

ኣብ ስኮትላንድ ገበናዊ ሓላፍነት 12 እዩ።

እዚ ማለት ዕድሚኦም ትሕቲ 12 ዓመት ዝኾኑ ቆልዑ ብገበን ኣይኽሰሱን ወይ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ሕጊ ኣይኣትዉን እዮም ማለት እዩ። ሓደ ቆልዓ ዕድሚኡ ትሕቲ 12 ዓመት እንከሎ ኣብ ልዕሊ ካልእ ሰብ ከቢድ መጉዳእቲ ኣስዒቡ ወይ ከስዕብ ዝኽእል ተኽእሎ ፈጢሩ ተባሂሉ እንተተጠርጢሩ ብፖሊስን ማሕበራዊ ስራሕ ክምርምር ይኽእል እዩ።

ንካልኦት ጕዳእቲ ክኾን ዝኽእል ባህሪ ወይ ተግባር ንዘርእዩ ቆልዑ ዝኸውን ደገፍ ኣሎ።

- ቆልዓ፡ ዕድሚኡ ትሕቲ 18 ዓመት ዝኾነ ወዲ ሰብ ይገልጽ።
- እዚ ሕጊ ኩሉሰብ ውሕስነቱ ሕሉው ኮይኑ ንቆልዑ ንምሕላው ዝተዳለወ እዩ።

# ጾታዊ ገበናት

ጾታዊ ገበን ጾታ፣ ጾታዊ ዝንባለ፣ ዕድመ ወይ ዘለኩም ሕብሪ ቆርበት ብዘየገድስ ኪጋጥም ይኽእል። ካብ ኣጋይሽ፣ ኣዕርኽቲ ወይ ስድራቤት ከምጽእ ይኽእል፣ ኣብ ርክብ ከምኡ'ውን/ወይ ከኣ ኣብ መርዓ ኪጋጥም ይኽእል። ኣብ ስኮትላንድ ንጾታዊ ፍቓድ ዝኸውን 16 ዓመት እዩ። ፍቓድ ኣብ ዝኾነ እዋን ክለዓል ይኽእል እዩ።

## ጾታዊ ዓመጽ

ጾታዊ ዓመጽ ሃደ ሰብ ንካልእ ሰብ ናብ ጾታዊ ርክብ ብዘይፍቓድ/ዳ ከእትው ከገድድ ወይ ከታልል እንከሎ እዩ ዝፍጸም። ኣብዚ እቲ ሓደ ሰብ ንብልዕቲ ተባዕታይ ናብ ብልዕቲ ኣንስተይቲ፣ መሃንቱስ ወይ ኣፍ ካልእ ሰብ ከእትው እንከሎ እዩ።

## ጾታዊ መጥቃዕቲ

እዚ ዘይተደለየ ጾታው ምንኽኻእ ወይ ኣካላዊ ምትንካፍ እዩ። እዚ ዝተፈላለዩ ተግባራት የጠቓልል ከምኡ'ውን ጾታ ወይ ጾታዊ ዝንባለ ብዘይገድስ ብዝኾነ ሰብ ክፍጸም ይኽእል።

## ጾታዊ ኣስገዳድ

እዚ ኣንጻር ሕጊ ኮይኑ ንሓደ ሰብ እንከይደለየ ብጸቕጢ፣ ብምፍራሕ ወይ ብምትላል ኣብ ጾታዊ ንጥፈት ክሳተፍ ምግባር እዩ። ኩሉ ሰብ ኣይፋል ናይ ምባል መሰል ኣለዎ፣ ነዚ ምኽባር እውን ኣገዳሲ እዩ።

## ኣንጻር ህጻናት ዝፍጸም ገበናት

ዕድሚኡ/ኣ ትሕቲ 16 ዓመት ምስ ዝኾነ/ት ሰብ ዝኾነ ዓይነት ጾታዊ ንጥፈት ምክያድ ኣንጻር ሕጊ እዩ።

## ስእሊ መሰረት ዝገበረ ጾታዊ ዓመጽ

ውልቃዊ ስእሊታት ብዘይፍቓድ ምዝርጋሕ ወይ ክትዝርግሕ ምፍርራሕ ኣንጻር ሕጊ እዩ። እዚ ተግባር ብዙሕ ግዜ "ሕነ ዝፈዲ ፖርን" ይበሃል።

## ወሲባዊ ተግባር ብዓይኒ ምቁዳስ ከምኡ'ውን ዘይእሩም ርክባት

ሓደ ሰብ ብዘይፍቓዱ ኣብ ውልቃዊ ቦታ ብምሽጥር ምክትታል ወይ ምቕዳሕ ኣንጻር ሕጊ እዩ። ብተወሳኺ ቅሉዕ መልእኽቲታት ወይ ስእሊታት ብዘይ ፍቓዱ ምስዳድ እውን ገበን እዩ።

## ጾታዊ ዝምታ

ጾታዊ ዝምታ ወይ "ሴክስቶርሽን"ሓደ ዓይነት ናይ ኦንላየን ምፍርራሕ እዩ።

ንስኮትላንድ ሓዊሱ ኣብ ኩሉ ዕድመ፣ ጾታን ጾታዊነትን ዝርከቡ ቆልዑን ኣናእሽቱ መንእሰያትን ብደረጃ ዓለም ኣብ ዒላማ ይኣትዉ ኣለዉ።

በጽሒ ገበነኛታት፡ ብዙሕ ግዜ ኣብ ስግር ባሕሪ ዝርከቡ ዝተወደቡ ናይ ገበን ጉጅለታት ምሉእ ንምሉእ ወይ ብኸፋል ሰብነት ብቕሉዕ ዘርኢ ስእሊታት ከምኡ'ውን/ወይ ከኣ ቪድዮታት ናይ ሓደ ሰብ እንተዘይከፊሎሞም ወይ ገለ ጠለብ እንተዘይፈጺሞም ክዝርግሑ ምዃኖም የፈራርሑ።

ጾታዊ ዝምት ካብዞም ዝስዕቡ ክኸውን ይኽእል፤

- ብኦንላየን ዝተዘርገሐ ጾታዊ ወይ ዘግቡእ ስእሊታት፣ ብዙሕ ግዜ ካልእ ሰብ መሲሉ ብዝቐርብ ሰብ።
- ዝተሰረቐ፣ ኮምፕዩተር ፈንጢስካ ብምእታው ዝተወስደ፣ ወይ AI መሳርሒ ወይ ካልእ ስእሊ ዝቕይር ቴክኖሎጂ ብምጥቃም ተመሳሲሉ ዝተሰርሐ ስእልታት።

እቲ ገበነኛ ገንዘብ፣ ናይ ህያብ ካርድታት ወይ ቢትኮይን ክሓትት ይኽእል። እቲ ሰብ ዘይደልዮ ነገር ክገብር ንምግዳድ ክፍትን ይኽእል፣ ንኣብነት ናይ ባንክ ሕሳብ ክጥቀም ወይ ተወሳኺ ጾታዊ ስእሊታት ወይ ቪድዮታት ክቐርብ ዝኣመሰሉ።

https://crimestoppers-uk.org/fearless/professionals/fearless-scotland/sextortion-in-scotland

## ልሙዳት ምልክታት ፈተነታት ጾታዊ ዝምታ ነዞም ዝስዕቡ ከጠቓልል ይኽእል

- ምሳኹም ብቕልጡፍ ርክብ ከማዕብሉ ይፍትኑ ተኺሸምቲ ክኾኑ ይኽእሉ፣ ከም ዝፈተውኹም ብቕልጡፍ ይነግሩኹም፣ ወይ ከኣ ጾታዊ/ጸያፍ ስእሊታትን ቪድዮታትን ክሓትትኹም ይኽእሉ። ገለ ገለ ኸኣ ጾታዊ/ጸያፍ ስእሊታት መጀመርታ ክሰድልኩም ይኽእሉ።
- ዘይሰማምዓኩም ነገራት ክትገብሩ ጸቕጢ ክገብርልኩም ይኽእሉ። ዘይሰማምዓኩም ነገራት ብተደጋጋሚ ክትገብሩ ክትሓትትኹም ይኽእሉ። ሓደ ሰብ ዘይትደልይዎ ነገራት ክትገብሩ ክትሓትተኩም ብፍጹም ንቡር ኣይኮነን።
- ኮምፕዩተርኩም ወይ ቴለፎንኩም ጥሒሶም ከም ዝኣተዉ ወይ ከኣ ዝርዝር ኣብ ቴለፎንኩም ዘለዉ ሰባት ርክብ ክረኽቡ ከምዝኽእል ክነግርኹም ይኽእሉ እዮም። ሓደ ሓደ መፈራራሕቲ ዘሕፍር ስእሊታት ወይ ሓበሬታ ካብ መሳርሒኹም ከምዝረኽቡ ክነግርኹም ይኽእሉ። ገንዘብ እንተዘይተዋሂብዎም እዚ ሓበሬታ ንምዝርጋሕ ከፈራርሑ ይኽእሉ።

እዚ እንተጋጢምኩም ናትኩም ጌጋ ኣይኮነን፣ ክርከብ ዝኽእል ሓገዝ እውን ኣሎ። ኣይትሰንብዱ፣ ፖሊስ ንጉዳይኩም ብኽቢድ ክሕዞ እዩ። ብነብሰ ምትእምማን ክኣልዮ እዩ። ፍርዳዊ ኣጠማምታ ኣይክግበረልኩምን እዩ።

## ግዳይ ናይ ጾታዊ ዝምታ እንተኾይንኩም

ከይትኸፍሉ። ዝኸፈሉ ግዳያት ብድሕሪኡ ብዛዕብኡ ደሃይ ኣይረኸቡን፣ ካልኦት ከኣ ይኸፍሉ እሞ ተወሳኺ ክኸፈሉ እውን ጸቕጢ ይግበረሎም። ኣብ ሓደ ሓደ ኣጋጣሚታት ገንዘብ እንተኸፈል እቶም ገበነኛታት ቪድዮታት ወይ ስእሊታት ይዝርግሑ። ነቲ ሰብ እንተኸፊልክምዎ ናይ ባንክ ሕሳብኩም ምርካብ ኣብ ግምት ኣእትዉ። ፍቓድ ዝሃብክምሉ ክፍሊታት ምምላስ ዘይከኣል ክኸውን ይኽእል እዩ፣ እንተኾነ ግን ነቲ ሕጂ ዘሎ ስግኣት ዝያዳ ንምርዳእ ንኣፈጽምቲ ሕጊ ዩኬ (UK Law Enforcement) ክሕግዙ እዮም።

ነቶም ገበነኛታት ዝኾነ ተወሳኺ ኣይተዛርቡ፣ ናይ ዝኾነ ርክብን ናይቲ ገበነኛ ፕሮፋይል ሓበሬታኡ ስክሪንሾት ሓዙ። ከም መርትዖ ሓዝዎ።

ናብ 101 ብምድዋል ንፖሊስ ብዛዕባ እቲ ፍጻመ ሓብሩ ከምኡ'ውን እቲ ጉዳይ ናብ ማሕበራዊ ሚድያ ዘርግሑ። ዕድሜኹም ልዕሊ 18 ዓመት እንተኾይኑ ናብ **Stop NCII** (Non-Consensual Intimate Image Abuse) ብምኻድ ጥቡቕ ውልቃዊ ስእሊታት ንምልላይን ብኦንላየን ከይዝርግሑ ንምውጋድን ዝጠቕም ናጻ መሳርሒ ብምጥቃም ሓበሩ። ዕድሜኹም ትሕቲ 18 ዓመት እንተኾይኑ ናብ [Report Remove | Childline] ብምኻድ ብነብሰ ተኣማንነት ጾታዊ ስእሊታትኩምን ቪድዮታትኩምን ብምሕባር ካብ ኢንተርነት ኣወግድዎም።

ግዳይ ጾታዊ ገበን እንተነይርኩም ካብዞም ኣብ ታሕቲ ዝርከቡ ኤጀንሲታት ሓገዝን ምኽርን ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም፤

**Rape Crisis Scotland - 08088 010 302**
**Victim Support Scotland - 0345 603 9213**
**Police Scotland - 101 (ህጹጽ ኩነት ዘይኮነ) 999 (ህጹጽ ኩነት)**

## ጾታዊ ገበናት ምሕባር

NHS ባዕልኻ ንባዕልኻ ሪፈራል ክትገብር ዘኽእል ኣገልግሎት የቕርብ፣ እዚ ኣገልግሎት ጾታዊ ዓመጽ ወይ ጾታዊ መጥቃዕቲ ዘጋጠሞም ሰባት ግቡእ ደገፍን ኣገልግሎታት ክንክን ጥዕናን ክረኽቡ የኽእል። https://www.nhsinform.scot/sarcs

## ምንዝርና

ምንዝርና ከም ስራሕ ወይ ተግባር ኣብ ጾታዊ ርክባት ምስታፍ ዝረኣይ ኮይኑ ንክፍሊት ወይ ዝኾነ ካልእ ረብሓ ንምርካብ ዝግበር እዩ። ክልቲኦም እቶም ኣብ ምንዝርና ዝተሳተፉ ሰባትን እቶም ጾታዊ ርክብ ክዕድጉ ዝደልዩን ክኽሰሱ ይኽእሉ።

ኣብ ህዝባዊ ቦታ ምሽሓጥ፤ ኣብ ምንዝርና ንምስታፍ ብምዕላም ኣብ ህዝባዊ ቦታታት ምዛር ወይ ምሕታት ኣንጻር ሕጊ እዩ። ጾታዊ ርክብ ንምግዛእ ኣብ ህዝባዊ ቦታ ናብ ሓደ ሰብ ብመኪና ይኹን ብእግሪ ምቕራብ ዘይሕጋዊ እዩ።

## ዘይሕጋዊ እንታይ እዩ?

**ኣዳራሽ ምንዝርና ምክያድ፤** ምንዝርና ዝካየደሉ ቦታ ምክያድ ወይ ክመሓደር ምሕጋዝ ዘይሕጋዊ እዩ።

**ድለላ ምንዝርናን ምዝመዛን፤** ሓደ ሰብ ኣብ ምንዝርና ብምስታፉ ወይ ከኣ ንሓደ ሰብ ኣንጻር ፍቓዱ ብምግዳድ ካብኡ ረብሓ ምውሳድ ከቢድ ገበን እዩ።

## ዘይሕጋዊ ምስግጋር ሰባት

ዘይሕጋዊ መሰጋገርቲ ሰባት ኣብ ተቓላዕቲ ኩነታት ዝርከቡ ሰባት ይከታተሉ ከምኡ'ውን ንዕኦም ንምቁጽጻር መፈራርሒ፣ ሓሶት፣ ወይ ዓመጽ ይጥቀሙ። ብዙሓት ግዳያት ናብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ብሓሶት መብጽዓታት ይታለሉን ብድሕሪኡ ይብለጽሎምን። እዚ ከቢድ ገበን እዩ፣ ከምኡ'ውን ዝኮነ ዝተተንከፈ ሰብ ውሕስነት ክስመዖን ደገፍን ክረክብን ይግብኦ።

ስደተኛ ሰራሕተኛታት ብኢንዱስትሪታት ንኣብነት ሕርሻ፣ ፋብሪካታት፣ ሆቴላትን ኣብያተ መግቢን ክምዝመዙ ይኽእሉ እዮም።

ምልክታት ረኣዩ፤

- ብዙሓት ደቂ ወጻኢ ሃገራት ብሓባር ይነብሩ
- ነበርቲ በብግዜኡ ይቀያየሩ
- ኣብ ዘይንቡር ሰዓታት ናይቲ ቀትሪ ከምኡ'ውን/ወይከኣ ለይቲ ይግዕዙ
- ናይ ሰራሕተኛታት ምቅስቓሳት ክትትልን ቁጽጽርን ይግበረሉ
- ሰራሕተኛታት ንኣሰራሕቲ፣ ንፖሊስ ወይ ዝኾነ ካልእ ግዳማዊ ኤጀንስቲ ዝፈርሑ ክመስሉ ይኽእሉ
- ሰራሕተኛታት ዕረፍቲ ወይ ግዜ በዓል የብሎምን
- ሰራሕተኛታት ምልክታት ናይ ኣካላዊ ዓመጽ ንኣብነት ማህሰይቲ፣ ሕራድን ምልክታት ዘይተሓከመ ሕክምናዊ ጸገማትን ከርእዩ ይኽእሉ
- ሰራሕተኛታት ምልክታት ጉድለት ኣመጋግብ፣ ነቕጺ ማይ ሰብነት፣ ሓያል ድኻምን ድኹም ውልቃዊ ጽሬትን የርእዩ

## ግዱድ ናይ ጉልበት ስራሕ

**ዜበታዊ ግዙእነት** ሓደ መንገዲ ዘበናዊ ባርነት እዩ። ኣብዚ ሓደ በጽሒ ወይ ቆልዓ ኣገልጋሊ ክኸውን ይግደድ።

- ምልክታት ረኣዩ፤
- እቲ ሰብ ካብ ገዛ ሓላሓሊፉ ጥራሕ ክወጽእ ይፍቀደሉ
- ዝድቅሰሉ ግቡእ ቦታ የብሉን፣ ስለዚ ኣብ ምድሪ ቤት ወይ ኣብ ሶፋ ይድቅስ
- ድኹም ኣመጋግባ ኣለዎ
- ኣእምሮኣዊ፣ ኣካላዊ፣ ጾታዊ ዓመጽ፣ ምፍርራሓት ወይ ካልእ ጭካነ ከጋጥሞ ይኽእል
- ሓደ ቆሎዓ ኣብ ቤት ትምህርቲ ድኹም ተረካብነት ኣለዎ ከምኡ'ውን ምስ ኣዕርኹ ንምጽዋት ዝኸውን ግዜ የብሉን

# ናይ ጽልኢ ገበን

ናይ ጽልኢ ገበን ኣብ ልዕሊ ካልእ ዝተሓለወ ጉጅለታት ቁጥዕ ወይ ጽልኢ ብምህላዉ ኣብ ልዕሊ ሓደ ሰብ ወይ ንብረት ዝፍጸም ግበን እዩ።

ሓደ ሰብ ብምኽንያት እዞም ዝስዕቡ ዒላማ ከም ዝገበረኩም ትኣምኑ እንተኾይንኩም ግዳይ ናይ ጽልኢ ገበን ክትኮኑ ትኽእሉ ኢኹም፤

- ዕድመ
- ስንክልና
- ዓሌት (ሕብሪ፣ ዜግነት፣ ብሄር ወይ መበቆል)
- ሃይማኖት ወይ እምነት
- ጾታዊ ዝንባለ
- መንነት ጾታዊ ስግግር
- ኣብ ጾታዊ ባህርያት ዘሎ ፍልልያት (መንነ ጾታ)

ናይ ጽልኢ ገበን ብዙሕ መልክዓት ክህልዎ ይኽእል፣ ነዞም ዝስዕቡ የጠቓልል በዚኦም ዝተገደበ ግን ኣይኮነን፤

- ቅትለት
- ኣካላዊ መጥቃዕቲ
- ኣብ ልዕሊ ንብረት ዝፍጸም መጉዳእቲ ኣብነት ኣብ መንደቕ ብዕሉግ ጹሑፋት ወይ ስእሊታት ምግባር፣ ባርዕ ምልዓል፣ ግብረ ጸይቂነት
- ናይ ምጉብዕባዕ ወይ ምፍርራሕ ተግባር፣ ስዉር ጻውዒታት ቴለፎን ወይ ምውስዋስ ኣካላት የጠቓልል
- ቂር ዝብል ደብዳበታት፣ በራሪ ወረቐታት፣ ፖስተራት
- ቃላዊ ዓመጽ ወይ ጸርፊታት፣ ምውራድ የጠቓልል
- ብኦንላየን መንገዲ ምድሃልን ዓመጽን
- ምስርጣይ

### ብቴለፎን

**ህጹጽ ዘይኮነ ፍጻመ ንፖሊስ ክትሕብሩ ትኽእሉ፤**

**ህጹጽ ኩነት፤** እቲ ፍጻመ ኣብ ከይዲ ዘሎ እንተሎይኑ ወይ ከኣ ቀጥታዊ ሓደጋ ዘስዕቡ እንተኾይኑ ናብ **999** ደውሉ

**ህጹጽ ዘይኮነ ኩነት፤** ህጹጽ ዘይኮነ ፍጻመታት ንምሕባር ናብ **101** ደውሉ

### ኦንላየን

**ኦንላየን ቅጥዒ ፖሊስ ስኮትላንድ፤** ቅጥዒ መሓበሪ ናይ ጽልኢ ገበን ብምጥቃም ጸብጻብ ኣቕር

### ብኣካል

ናብ ዝኾነ ኣብ ከባቢ ዝርከብ መደበር ፖሊስ ምኻድ

### ሳልሳይ ወገን መሕበሪ ማእከላት

ብቐጥታ ናብ ፖሊስ ምሕባር ዘይክሰማምዖም ንዝኽእሉ ሰባት ሳልሳይ ወገን መሓበሪ ማእከላት ኣማራጺ የቕርቡ። ሰፊህ ዝርዝር ናይ ማእከላት ብከባቢ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ፖሊስ ስኮትላንድ ምርካብ ይከኣል።

## መድሓኒታት/ዕጸት

መድሓኒታት ወይ ዕጸት ምውሳድ ንጥዕናኹም ክጸልው ይኽእል ከምኡ’ውን ሞት ከስዕብ ይኽእል። ብሕጊ ቁጽጽር ዝግበረሎም ክልተ ዓይነት መድሓኒታት ወይ ዕጸት ኣለዉ፤ እቶም ሓደ ኩሉ ግዜ ዘይሕጋውያን ኮይኖም (ኣብነት፡ ካናቢስ፣ ሄሮይን፣ ኤክስተሲ፣ ኮኬይን፣ ወዘተ)፣ እቶም ካልእ ኸኣ ካብ ሓኪም ቅቡል ትእዛዝ መድሓኒት እንተዘየብልኩም ዘይሕጋዊ እዮም (ኣብነት፡ ሞርፊን፣ ሜታዶን፣ መድሓኒታዊ ካናቢስ፣ ወዘተ)። ቁጽጽር ዝግበረሎም ዕጸት ምሓዝ ወይ ቁጽጽር ዝግበረሎም ዕጸት ንካልእ ሰብ ምቕራብ ዘይሕጋዊ እዩ። ዕጸት እንተቕሪብኩም ናብ ቤት ማእሰርቲ ክትስደዱ ትኽእሉ ኢኹም። ገረባት ካናቢስ ባዕልኹም ክተዕብዩ ወይ ናይ ካልእ ሰብ ገረባት ካናቢስ ምክትታል ዘይሕጋዊ እዩ። ቁጽጽር ዝግበረሎም ዕጸት ኣብ ምስራሕ ምስታፍ ዘይሕጋዊ እዩ።

## ሕጽቦ ገንዘብ

ብገበናዊ ንጥፈት ገንዘብ ምጥቃም ወይ ምርካብ ዘይሕጋዊ እዩ፣ ከምኡ’ውን ክትክሰሱ ኢኹም። ዘለኩም ገንዘብ ንምክትታልን እቲ ገንዘብ ካብ ሓቀኛ ምንጪ ዝመጸ ንኣብነት ካብ ስራሕኩም ምዃኑን ንምርግጋጽ ኣብ ከባቢኹም ኣብ ዝርከብ ባንክ ተመዝገቡ።

## ጉሕልና

ጉሕልና ሓደ ሰብ ንካልእ ሰብ ወይ ትካል ብዘይፍትሓዊ ኣገባብ ገንዘብ፣ ንብረት ወይ ካልእ ዋጋ ዘለዎ ነገር ንምርካብ ከታትልል እንከሎ ዘጋጥም እዩ።

## ዓይነታት ጉሕልና

- **ጉሕልና መንነት፤** ረብሓ ንምርካብ ወይ ገበናት ንምፍጻም ውልቃዊ ዝርዝር ሓበሬታ ናይ ካልእ ሰብ ምጥቃም
- **ኦንላየን ምጭብርባራት፤** ሓሶት ኢመይላት፣ መልእኽቲታት፣ ወይ መርበብ ሓበሬታታት ኮይኖም ሰባት ገንዘብ ወይ ሓበሬታ ክህቡ ምትላል እዩ
- **ጉሕልና ሓገዛት፤** ዘይግብኣካ ሓገዛት መንግስቲ ንምርካብ ምሕሳው
- **ጉሕልና መድሕን፤** ብዙሕ ዝመጠኑ ገንዘብ ንምርካብ ናይ ሓሶት ሕቶታት ምቕራብ
- **ጉሕልና ባንክ፤** ናይ ካልእ ሰብ ሕሳብ ንምጥቃም ዝተሰረቐ ካርድ ዝርዝር ሓበሬታ ወይ ሓሶት ሓበሬታ ምጥቃም
- **ጉሕልና ቢዝነስ፤** ንኣብነት ናይ ሓሶት ዝርዝር ሕሳብ፣ ምጭብርባራት ኣተሓሕዛ ሕሳብ፣ ወይ ናይ ትካላት ገንዘባዊ ሓገዛት ንጊጋ መዓላ ምውዓል

## መቕጻዕቲታት

**ገንዘባዊ መቕጻዕቲታት፤** ካብ ኣማኢት ናብ ኣሽሓት ፓውንድታት ይበጽሕ

**ናይ ማሕበረሰብ መሊስካ ናይ ምኽፋል ትእዛዛት፤** ዘይተኸፈለ ስራሕን ክትትልን የጠቓልል

**ዝተሰረቐ ገንዘብ ወይ ኣቕሑት ዳግማይ ምኽፋል**

**ፍርዲታት ማእሰርቲ፤** ዝያዳ ከቢድ ወይ ተደጋጋሚ ጉሕልናታት ናብ ማእሰርቲ ክመርሕ ይኽእል (ክሳብ 10 ዓመታት ወይ ልዕሊኡ ኣብ ሓደ ሓደ ጉዳያት)

## ሳይበራዊ ገበን

ገበነኛታት ንኢተርነትን ሓበሬታ ቴክኖሎጂን ይብለጹ። ሳይበራዊ ገበነኛታት ናብ ሕሳባትና፣ መረዳእታናን መሳርሒና ከይኣትዉ ምክልኻል ልዕሊ ዝኾነ ግዜ ዝያዳ ኣገዳሲ እዩ። እዚ ኦንላየን ባንኪንግን ምዕዳግን፣ ኢመይልን ማሕበራዊ ሚድያን የካትት። ምጭብርባራትን ጉሕልናን ምትላል ንውልቃዊ ሸስቢ ዝውዕሉም ገበናት እዮም። መብዛሕቲኡ ግዜ ዝያዳ ገንዘብ ወይ ውልቅዊ ሓበሬታ ንምርካብ ይስራሕ።

ናይ ዝተፈላለዩ ምጭብርባራት ምኽንያትን ምልክታትን ብምርዳእ ውልቃዊ ሓበሬታኹም ኣብ ስግር ዶባት ካብ ዝሰርሑ ኣጭበርበርቲ ክትሕልዉ ትኽእሉ ኢኹም።

እቶም ብድሕሪ እዚኦም ጉሕልናታት ዘለዉ ገበነኛታት ሓደ ካብቲ ሓደ ኣየማርጹን፤ ዝኾነ ይኹን ሰብ ዒላማ ይገብሩ ከምኡ'ውን በቲ ተጽዕኖ ወይ ሳዕቤናት ምሉእ ንምሉእ ኣይግደሱን።

ዘክሩ ሓደ ነገር ቅኑዕ ዘይመስል እንተኾይኑ ቅኑዕ ዘይኮነ ክኸውን ይኽእል እዩ።

**ዝኾነ ምጭብርባር ወይ ጉሕልና ናብ ፖሊስ ብ 101 ብምድዋል ክሕበር ኣለዎ።**

## መታለልቲ ኢመይላት

መታለልቲ ኢመይላት ንሓደ ዘይእመን መላግቦ ወይ ሊንክ ክትጥውቑ፣ ገንዘብ ክትከፍሉ ወይ ውልቃዊ ሓበሬታ ክተካፍሉ ዝተዳለዉ እዮም።

ህጹጽን መፈራርሒታት ዝሓዙን ክመስሉ ይኽእሉ እዮም። ኩሉ ግዜ ነቲ ናቶም ሓበሬታ ርክብ ደጋጊምኩም ኣረጋግጽዎ ከምኡ'ውን ዘይፍለጥ ቁጽሪታት ቴለፎንን ኢመይላትን ከይህሉ ድለዩ። ካብ ዘይትፈልጥዎም ሰባት ዝመጽእ መላግቦታት ወይ ሊንክታት ኣይትጠውቑ።

ክትሪኢይዎም ዘለኩም ምልክታት ነዞም ዝስዕቡ የጠቓልል፤

- እቲ ኢመይል ሽምኩም ኣይጥቀምን፣ ምኽንያት መን ምዃንኩም ናይ ብሓቂ ኣይፈልጥኹምን
- ናይ ፊደላትን ሰዋስውን ጌጋታት
- ልክዕ ዘይመስል ግን ከኣ ዝፍለጥ ዝመስል ስእሊ ወይ ንድፊ
- ዘይተለመደ ኢመይል ኣድራሻ ኮይኑ ግን ከኣ ተመሳሳሊ ዝመስል፣ ነቲ ናይቲ ትካል ወግዓዊ ብልክዕ ዝመስል
- ኣብ ዘይፍለጥ መልግቦ ወይ ሊንክ ክትጥውቑ ዘተባብዕ ርግጸኛ እንተዘይኮይንኩም ነቲ ሊንክ ኣይትጠውቕዎ፣ ኣብ ክንድኡ ነቲ መርበብ ሓበሬታ ናይቲ ትካል ብቐጥታ ብጽሕዎ።

ዝኾነ ዝጥርጠር ኢመይላት ናብ report@phishing.gov.uk ትሰድዱ ትኽእሉ ኢኹም። The National Cyber Security Centre - NCSC.GOV.UK ክምርምሮ እዩ።

## ምስ እንስሳት ዝተኣሳሰሩ ሕግታት

### ኣኻልብ (ምሕላው ማል) (ምምሕያሽ) (ስኮትላንድ) ሕጊ 2021 (Dogs (Protection of Livestock) (Amendment) (Scotland) Act 2021)

እዚ ሕጊ ኣብ ሕርሻዊ መሬት ምሕላው ማል የደልድል፤

- እዚ ሕጊ ኣብ ኖቬምበር 5, 2021 ግብራዊ ዝኾነ ኮይኑ ኣኻልብ ንእንስሳት ሕርሻ ክጐድኡ ወይ ክፈራርሑ ዘይሕጋዊ ይገብሮ።
- እቲ ሕጊ ን“ማል” ብሰፊሕ መንገዲ ዝገልጽ ኮይኑ እንስሳት ንኣብነት በጊዕ፣ ላሕሚ፣ ጤል፣ ፈረስ፣ ሓሰማ፣ ኣልፓካ፣ ዓጋዘን፣ ሰገንን ካልኦት ተሃደንቲ ዑፋት የጠቓልል።
- ብመሰረት እዚ ሕጊ ሓደ ከልቢ ንሓደ ካብዞም እንስሳት እንተጓይዩ፣ ብጭንቀት ክመጽእ ንዝኽእል ምስዳድ ጥንሲ ወይ እንቋቑሖ እንተስዒቡ ከም ገበን ይረኣይ።
- ንከምዚ ተግባራት ዝኸውን መቕጻዕቲታት ከቢድ እዩ፣ ክሳብ £40,000 ዝበጽሕ ገንዘባዊ መቕጻዕቲ ወይ ክሳብ ሓደ ዓመት ዝበጽሕ ማእሰርቲ። ብተወሳኺ ፈጻምቲ ገበን ኣኻልብ ኣብ ምውናን ወይ ከኣ ሕርሻዊ መሬት ኣብ ምጥቃም ገደብ ክግበረሎም ይኽእል።
- ፖሊስ መርትዖ ንምእካብ ካብቲ እቲ ፍጻመ ዘጋጠመሉ ጥራሕ ዘይኮነስ ካብ ዝኾነ ሕርሻ ኣኻልብ ናይ ምሓዝ መዝነት ኣለዎ።
- እቲ ዝተሳተፈ ከልቢ መርመራ እንስሳታትን ፈተነታትን ክግበረሉ መደብ ክሕዙ እውን ይኽእሉ።

ኣብ ስኮትላንድ ገለ ገለ ዓይነታት ዘርኢ ከልቢ ብዘይ መልጐሚ ኣፍን መወጠጢን ምሓዝ ዘይሕጋዊ እዩ፣ XL Bully ዝበሃል ከልቢ የጠቓልል። ከምዚ ዓይነት ከልቢ ምሻጥ፣ ምሃብ፣ ምርባሕ፣ ምርሕራሕ፣ ወይ ምውዕዋዕ እውን ኣንጻር ሕጊ እዩ።

ካብ ጁላይ 31, 2024 ጀሚሩ XL Bully ከልቢ ምውናን እንተርፎ ፍሉይ ፍቓድ ሃልዩኩም ዘይሕጋዊ እዩ፣ እዚ ፍቓድ ቅድሚ እቲ ገደብ ግዜ ኣመልኪትኩም እንተነይርኩም ጥራሕ ክርከብ ይኽእል። ድሕሪ እታ ዕለቲ እቲኣ ከምዚ ዓይነት ከልቢ ንምሓዝ ዝኸውን ፍቓድ ንምርካብ እቲ ብሕታዊ መንገዲ ብትእዛዝ ቤት ፍርዲ እዩ።

#### መምዘኒታት ምውናን XL Bully ከልቢ

- ናጻ ዝገብር ቅቡል ምስክር ወረቐት እንተሃልዩኩም (እንተነይርኩም) እዚ ዝስዕብ ግበሩ፤
- ነቲ ከልቢ ኣብቲ ዝተመዝገበ ኣድራሻ ዓቅብዎ (ግዜያዊ ምንቅስቓስ ክሳብ 30 መዓልቲታት ኣብ ሓደ ዓመት)

- ኣብ ህዝባዊ ቦታ ኣፉ ልጒምዎን ብመወጠጢ ምርሕዎን፣ ኣብ ውሽጢ መኪና የጠቓልል
- ማይክሮቺፕ ምግባር፣ ምስላብ ከምኡ'ውን ኣብ ገዛ ውሑስ ዝኮነ መዕቆቢ ምህላው
- ናይ ሳልሳይ ወገን ህዝባዊ ግዴታ መድሕን ምዕቃብ
- እንትትሕተቱ ምስክር ወረቐትኩም፣ መድሕንኩም ኣቕርቡ ከምኡ'ውን ማይክሮቺፕ ምንባብ ኣብ ውሽጢ 5 መዓልቲታት ፍቐዱ
- ብሕጊ ዘይምእዛዝ ዘስዕቦ መቕጻዕቲታት፤ ክሳብ £5,000 ዝበጽሕ ገንዘባዊ መቕጻዕቲ፣ ክሳብ 6 ኣዋርሕ ዝበጽሕ ማእሰቲ፣ ወይ ክልቲኡ

ሕቶታት፤ [xlbullydogenquiries@gov.scot](mailto:xlbullydogenquiries@gov.scot)

# ሓለፍቲ ሕጊ

## ሓላፊ ፖሊስ

### ቀንዲ ግደ

ውሕስነት ሰባት ንምሕላው፣ ገበን ንምክልኻልን ንምምርማርን።

### ንመን ይሰርሑ

ከባቢያዊ ወይ ሃገራዊ ፖሊስ (ኣብነት፡ ፖሊስ ስኮትላንድ)

### ጉድያ ኢሚግሬሽን ይኣልዩ?

ኣይፋል - ስርሖም ኣይኮነን። ፖሊስ ናይ ኢሚግሬሽን ኩነትኩም ክፍትሽ ወይ ከረጋግጽ ይኽእል፣ እንተኾነ ግን በብግዜኡ ከምዚ ኣይገብርን

### ናይ ደንቢ ኽዳን

ጸሊም ናይ ደንቢ ኽዳን ምስ ብጫ ጃኬት (ፖሊስ ስኮትላንድ)፣ ናይ ፖሊስ ባጅ።

### ብውሑስ ኣገባብ ክተዘራርቦ ትኽእል ዶ?

እወ። ንፖሊስ ብዘይ ፍርሒ ብዛዕባ ገበን፣ ውሕስነት ወይ ህጹጽ ኩነታት ክተዘራርብዎ ትኽእሉ።

### መዓስ ትረኽቦም?

ገበናት ምሕባር፣ ህጹጽ ኩነታት (ኣብነት 999)፣ ጉዳያት ውሕስነት፣ ዘቤታዊ ዓመጽ፣ ናይ ጽልኢ ገበን፣ ወዘተ

### ሰባት ናብ ሃገሮም ንምስጓጉ ይኽእሉ ዶ?

ኣይፋል። ፖሊስ ኣይሰጉጉን ወይ ብዛዕባ ኩነት ኢምግሬሽን ውሳነ ኣይህብን

### ናብ መንበሪ ገዛኹም ክኣትዉ ይኽእሉ ዶ?

ብፍቓድ ጥራሕ፣ ኣብ ጉዳያት ውሕስነት ወይ ፍቓድ ቤት ፍርዲ።

## ሓላፊ ኢሚግሬሽን

**ቀንዲ ግደ**

ሕግታት ኢሚግሬሽን ምትግባር (ኣብነት፡ ቪዛ፣ ሕቶታት ዑቕባ፣ ካብ ሃገር ምስጓግ)

**ንመን ይሰርሑ**

መንግስቲ ዩኬ - Home Office (ኣፈጻሚ ኢሚግሬሽን)

**ጉድያ ኢሚግሬሽን ይኣልዩ?**

እወ - ስርሖም እዩ። ናይ ኢሚግሬሽን ወረቓቕቲ ክተረጋግጹ ወይ ካብ ሃገር ምስጓጉ ከካይዱ ይኽእሉ እዮም።

**ናይ ደንቢ ኽዳን**

ሲቪላዊ ክዳውንቲ ወይ ጸሊም ጃኬት ኮይኑ "ኣፈጻሚ ኢሚግሬሽን" (Immigration Enforcement) ዝብል ኣለዎ

**ብውሑስ ኣገባብ ክተዘራርቦ ትኽእል ዶ?**

እንተተሓቲትኩም ብደገፍ ሕጊ ክተዘራርብዎም ትኽእሉ ኢኹም፣ ብዘይ ምኽሪ ክተዘራርቦም ግን ኣይትሕተቱን ኢኹም።

**መዓስ ትረኽቦም?**

ኣብ መረጋገጺታት ቪዛ፣ ቃለ መሕትታት ዑቕባ፣ ምብጻሓት ሆም ኦፊስ፣ ወይ መረጋገጺታት (ፍተሻታት) ዶብ።

**ሰባት ናብ ሃገሮም ንምስጓጉ ይኽእሉ ዶ?**

እወ። ሓለፍቲ ኢሚግሬሽን ጥራሕ ካብ ሃገር ምስጓጉ ክጅምሩ ወይ ከካይዱ ይኽእሉ።

**ናብ መንበሪ ገዛኹም ክኣትዉ ይኽእሉ ዶ?**

ብፍቓድ ጥራሕ ወይ ከኣ ፍሉይ ሕጋዊ መዝነት እንተተግቢሩ።

# ሕጂ ሓገዝ የድልየኩም?

**ንስኹም ወይ ሓደ እትፈልጥዎ ሰብ ኣብ ሓደጋ እንተሎ ወይ ከኣ ህጹጽ ሓገዝ እንተድልይኩም ናብ 999 ደውሉ።**

**ህጹጽ ንዘይኮነ ኩነታት ናብ ፖሊስ ስኮትላንድ ብ 101 ደውሉ ወይ ከኣ ነዚ ኣብ ታሕቲ ዝቐረበ ትካል ርኸቡ፤**

**Victim Support Scotland**
0800 160 1985
www.victimsupport.scot

**Samaritans**
116 123
www.samaritans.org

**Scottish Women's Aid**
0800 027 1234
www.womensaid.scot

**Childline**
0800 1111
www.childline.org.uk

**Trafficking Awareness Raising Alliance (TARA)**
**0141 276 7724 (24/7)**
www.communitysafetyglasgow.org.uk

**Migrant Help**
መርበብ ሓበሬታ፡- www.migranthelpuk.org
መስመር ደገፍ፤ **0808 8010 503** (24/7)
ግዳያት ናይ ዘበናዊ ባርነትን ናይ ዘይሕጋዊ ስግግር ሰባትን ይድግፍ፣ ምኽሪ፣ ውሑስ መንበሪ ገዛ ይህብ ከምኡ'ውን ኣብ ኢሚግሬሽንን ምሕዋይን ሓገዝ ይህብ።

**National Ugly Mugs (NUM)**
መርበብ ሓበሬታ፡- www.uglymugs.org
ብዛዕባ ሓደገኛ ሰባት መጠንቀቕታታት ብምሃብ ከምኡ'ውን ናይ ውሕስነት መሳርሒታት፣ ሓበሬታ መወሃቢ ስርዓታትን ስምዒታዊ ደገፍን ብምሃብ ንሰራሕተኛታ ጾታዊ ርክብ ይድግፍ።

**Rape Crisis Scotland**

መርበብ ሓበሬታ፤ www.rapecrisisscotland.org.uk

መስመር ሓገዝ፤ **08088 01 03 02** (መዓልታዊ፣ 6 pm–12 am)

ጾታዊ ምዝመዛ ንዘጋጠሞም ሓዊሱ ብጾታዊ ዓመጽ ንዝተጸለወ ዝኾነ ይኹን ሰብ ደገፍ ይህብ።

**Scottish Women's Aid**

መርበብ ሓበሬታ፤ www.womensaid.scot

ነቶም ኣብ ምንዝርና ወይ ዘይሕጋዊ ስግግር ሰባት ዝተሳተፉ ሓዊሱ ዘቤታዊ ዓመጽ ንዘጋጠሞም ደቂ ኣንስትዮ፣ ህጻናትን ኣናእሽቱ መንእሰያትን ይድግፍ።

**Guardianship Scotland**

መርበብ ሓበሬታ፤ www.aberlour.org.uk/get-help/guardianship-scotland

**Debt Advice**

መርበብ ሓበሬታ፤ www.stepchange.org

መስመር ሓገዝ፤ 0800 138 111

ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ 8am-8pm ከምኡ'ውን ቀዳም 9am-2pm

**LGBT+ Helpline Scotland**

መርበብ ሓበሬታ፤ www.lgbthealth.org.uk

ኢመይል፤ helpline@lgbthealth.org.uk

መስመር ሓገዝ፤ 08000 464 7000

ሰሉስ፣ ረቡዕ፣ ሓሙስ (12-9pm)፣ ሰንበት (1-6pm)

**Money Advice Scotland**

መርበብ ሓበሬታ፤ www.moneyadvicescotland.org.uk

ኢመይል፤ info@moneyadvicescotland.org.uk

**Sextortion** (ሓበሬታ ብሳልሳይ ወገን ምሃብ)

መርበብ ሓበሬታ፤ www.crimestoppers-uk.org

www.crimestoppers-uk.org/fearless

መስመር ሓገዝ፤ **0800 555 111**

**ንሳልሳይ ወገን መሕበሪ ቦታታት**

ብቐጥታ ንፖሊስ ምሕባር ዘይሰማምዖም ግዳያት ወይ መሰኻኽር ሳልሳይ ወገን ክጥቀሙ ይኽእሉ እዮም፣ ሰባት ናይ ጽልዊ ገበናት ወይ ፍጻመታት ብዘይሻራዊ ትካል ኣቢሎም ክሕብሩ የኽእል። ዝያዳ ሓበሬታን ዝርዝር ናይ ዝተፈቐደሎም ሳልሳይ ወገን መሓበሪ ማእከላትን ኣብ **መርበብ ሓበሬታ ፖሊስ ስኮትላንድ ምርካብ ይከኣል** www.scotland.police.uk

**100% ሽም ከይተገልጸ ገበን ምሕባር**

Crimestoppers ዘይሻራዊ ገባሪ ሰናይ ኮይኑ መንነትኩም ዝኾነ ሰብ ከልልየኩም ከይከኣለ ብዛዕባ ገበን ሓበሬታ ክተካፍሉ የኽእለኩም። IP ኣድራሻኹም፣ ቁጽሪ ቴለፎንኩም ወይ ከኣ ዝኾነ ካልእ ዝርዝር ሓበሬታ ርክብ ክከታተልዎ ኣይክእሉን።

**ብኦንላየን ኣገባብ ብ [www.crimestoppers-uk.org](http://www.crimestoppers-uk.org) ወይ ከኣ ናብ 0800 555 111 ብምድዋል ክትሕብሩ ትኽእሉ። እቲ ገባሪ ሰናይ ትካል በዓል ብዙሕ ቛንቛ ኣገልግሎት እውን የቕርብ፣ እዚ ማለት ብቴለፎን ወይ ብኦንላየን ብልዕሊ 140 ቛንቛታት ብትርጉም ክትሕሩ ትኽእሉ ኢኹም።**

ኣናእሽቱ መንእሰያት ምኽሪ ክረኽቡን ሽሞም ከይተለለየ በቲ ኣገልግሎት መንእሰያት ናይቲ ገባሪ ሰናይ ትካልን ክሕብሩን ይኽእሉ፤ www.fearless.org ወይ ናብ **0800 555 111** ብምድዋል።

**#MakeaDifference**

## ብዛዕባ ሕጊ ስኮትላንድ ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ነዚ መርበብ ሓበሬታ ተወከሱ፤

## [www.nclanarkshire.ac.uk/scotslaw](http://www.nclanarkshire.ac.uk/scotslaw)

**ሕጋዊ መጠንቀቕታ**

ኣብዛ ንኡሽቶ መጽሓፍ ተኻቲቱ ዘሎ ሓበሬታ ከም ሓፈሻዊ መምርሂ ጥራሕ ኣብ ጥቕሚ ዝውዕል ኮይኑ ዝርዝር መግለጺ ሕጊ ኣይኮነን። ስኮትላንድ ናይ ባዕላ ርእሱ ዝኸኣለ ሕጋዊ ስርዓት ኣለዋ ከምኡ'ውን ሕግታት ኣብ ስኮትላንድ ካብ ናይ ካልኦት ክፋላት ዩኬ ብዙሕ ግዜ ዝተፈለየ ክኸውን ይኽእል እዩ። ናይ ሕጊ ምኽሪ እንተደሊኹም ኩሉ ግዜ ንሓደ ጠበቓ ወይ ኣብ ስኮትላንድ ንዝርከብ ቤት ጽሕፈት ምኽሪ ዜጋታት (Citizens Advice Bureau) ክትረኽቡ ኣለኩም።

በጃኹም ኣስተብህሉ፤ ኣብዚ ሕትመት 'ዚ ዝተኻተተ ሓበሬታ ኣብቲ ዝተሓተመሉ እዋን ቅኑዕ ነይሩ።

© New College Lanarkshire 2026

ዝተመዝገበሉ ቁጽሪ ገባሪ ሰናይ፤ SC021206